# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 24 ዓመት ቁ. 3 | 3 መስከረም 2014 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ረቡዕ



ገጽ 3
ፌስቲቫል ከበት ዝተዐደለ ኣርትራዊት ከተማ



ገጽ 4
ዓሻ ዓሊናር - ቀድሚ ገድሊ፣ ኣብ ገድልን ድሕሪ ገድልን



ገጽ 5
ቁጥዐ ዘምጽኡ ጭቃታት



ገጽ 10
ጋንታታት ፕሪመር ሊግ፣ ብመጠን ቁመት ተጻወትቲ



ገጽ 11
ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተጀሚሩ




# ኤርትራውያን ተቐማጦ ዱባይን ሰሜን ኢማራትን ልምዓታዊ መደባት ንምዕዋት ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ምዃኖም ኣረጋጊጾም





ኤርትራውያን ተቐማጦ ዱባይን ሰሜን ኢማራትን፣ ህዝባዊ መኸተኦም ብምድንፋዕ ልምዓታዊ መደባት ሃገሮም ንምዕዋት ከም ወትሩ ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ቅሩባት ምዃኖም፣ ምስ ኣምባሳደር ዑስማን መሓመድ-ዑመር ኣብ ዘካየድዎ ርክብ ደጊሞም ኣረጋጊጾም።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣቶ ዑስማን መሓመድ-ዑመር ብወገኑ፣ ኣብ ኤርትራ ብዞዕባ ዝሰላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባትን ትሕተ-ቅርጻዊ ስርሓትን ሰፍሕ ዝበለ መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝካየድ ተጻብኦታት፣ ሳላ ሓያል መኸተን ጽኑዕ ሓድነትን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ህዝባ ቡብዝመጸ ይብርዕን ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣምባሳደር ዑስማን ኣስዒቡ፣ ብዝተሳተፍቲ ንዝቐረበ ሕቶታት ምላሽ ድሕሪ ምሃብ፣ "ዝተሰርሐ ብዙሕ'ኳ እንተኾነ፣ ዝተርፍ'ውን ቀሊል ከምዘይኮነ ብምግንዛብ፣ ሕመረት ዓወታትና ዘኾነ ሓድነትና ብምዕቃብን ብምሕያልን፣ ናብ'ቲ እንብህጎ ክንበጽሕ ጻዕርታትና ክሕይል ይግባእ" ክብል ኣስሚሩሉ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፣ ከም ኩሉ ሃገራዊ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንዝኣለም ውዲታትን ተጻብኦታትን ንምምካትን ንምፍሻልን ድልውነቶም ኣረጋጊጾም።

# ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፣ ሕርሻዊ ንጥፈታት ንምስፋሕ ዝሰላሰል ዘሎ መደባት ክድፍኣሉ ምዃኑ ኣመሓዳሪ'ቲ ዞባ ገሊጹ

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ርኡይ ለውጢ ዘመዝግብ ዘሎ ሕርሻዊ ንጥፈታት ንምስፋሕን ንምምዕባልን ዝሰላሰል ዘሎ መደባት ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ምዃኑ፣ ኣመሓዳሪ'ቲ ዞባ ኣቶ ገርጊስ ግርማይ ሓቢሩ።

ኣቶ ገርጊስ ነዚ ዝገለጸ፣ ኣብ ሓርሲሌ፣ በይሉልን ራምዳን ንዝተሰርሐ መእለዪ ወሓይዝ ድሕሪ ምዕዛብ፣ ነቲ ስራሕ ምስ ዝኣልዩ ዘለዉ ሓለፍቲ ኣብ ዝገበሮ ርክብ'ዩ።

ክራማት ቀድሚ ምጅማሩ ብኣጋ ሳላ ዝተኻየደ ጻዕሪ፣ ውሕጅ ከም'ቲ ዝድለ ከምእተኣለየ ዝተገንዘበ ኣቶ ገርጊስ፣ ንሕርሻዊ ንጥፈታት ተመሪጹ ዘሎ ቦታታት ሰፊሕ ብምዃኑ፣ ብዝግባእ ተሓሪሱን ለሚዑን ልዑል እቶት ንኽህብ ምእንቲ፣ ቀጻሊ ስራሕን ምክትታልን ክካየድ ከምዘድሊ ብምሕባር፣ እቲ ስራሕ ምስ ምብራቓዊ እዚ ብምውህሃድ ክዕመም ምዃኑ ገሊጹ።

ሓለቓ ስታፍ እዚ ምብራቕ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃም ዓንዶም ብግደኡ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፣ ንራህዋ ህዝቢ ምስራሕ ካብ ቀዳምነት ዕላማታት ሓይልታት ምክልኻል ምዃኑ ብምብራህ፣ ምምሕዳር ዞባ ተተሓሒዝዎ ንዘሎ ናይ ሕርሻ መደባት ንምዕዋት ኣበርቲዖም ከምዝነጥፉ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፣ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ዓበይቲ ሕርሻዊ መደባት ይሰላሰሉ ምህላዎም፣ ካብ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ናይቲ ምምሕዳር ዞባ ዝተረኽበ ሓበሬታ የነጽር።

# መኰነን ሓበሬታን ኀሰሳስን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ናይ መዚቃ ስልጠና ይህብ ኣሎ



ስ/ሚልዮን ማስፍን

መኰነን ሓበሬታን ኀሰሳስን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ዓቕሚ ኣባላቱ ንምዕባይ ክጉበሮ ዝጸንሐ ጻዕሪ፡ ን52 መዚቀኛታት ብዝተፈላለየ መሳርሒታት መዚቃ የሰልጥን ኣሎ።

ኑቲ ብቐኒኢላ መሳርሒታት መዚቃ ኣቶ መሓመድ ሳልሕ ዝወሃብ ዘሎ ትምህርቲ ዝከታተሉ ዘለዉ ሰልጠንቲ፡ ካብ 9 ጉጅለታት ባህሊ ሓይልታት ምክልኻል ዝተዋጽኡን ኣብ ስርሓት መዚቃ ክነጥፉ ዝጸንሑን'ዮም።

ሰልጠንቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ዝቐሰምዎ ዘለዉ ስልጠና ባህላዊ መደባት ኣብ ምድንፋዕ ብሓፈሻ፡ ኣብ ዕሊታዊ ንጥፈታቶም ድማ ብፍላይ ልዑል ኣበርክቶ ከምዝለዎ ጠቒሶም፡ ንዝተዋህቦም ዕድል ኣመስጊኖም።

## ዞባ ደቡብ ደንካልያ፡ ህቡብላ ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ ኣብ ኣባይትን ኣግራብን ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ሓርሲለን ኣላሌን - ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ፡ ናብ 27 ነሓሰ ኣብ ዘውግሕ ለይቲ ዝወቐዐ ህቡብላ ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ኣባይትን ኣግራብን ጉድኣት ኣውሪዱ።

በቲ ባህሪያዊ ሓደጋ ኣብ ህይወት ሰብን ጥሪትን ዝወረደ ጉድኣት'ኳ እንተዘየለ፡ ኣርባዕተ ክፍልታት ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሓርሲለ ዝርከቦ 54 ኣባይቲ ክፈርስ እንከሎ፣ ኣስታት 500 ኣግራብ ዓርኰካባይን 20 ዓንድታት ኤለክትሪክን ከምዝወደቐ፡ ካብቲ ቦታ ደንጉዩ ዝበጽሓና ሓበሬታ የመልክት።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንካልያ ኣቶ ዓብዱ ዓሊ ንዘጋጠመ ጉድኣት ኣመልኪቱ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፣ ምስ እዋን ምጅማር ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ዝፈረሰ 4 ክፍልታት ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሓርሲለ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምውህሃድ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ተጸጊኑ ስሩዕ ኣገልግሎት ንኽህብ ጻዕሪ ክካየድ ምዃኑ፡ ኣባይቶም ንዝፈረሶም ዜጋታት ድማ ዘድሊ ሓገዝ ከምዝግበረሎም ሓቢሩ።


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ

Samson@zena.gov.er

ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን

Biniam@zena.gov.er

ቍ.ስ 201820(2212)

ፋክስ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454 - 07121322

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ | ሳምራዊት መለስ

ነብያት ጸጋይ | ምሲጋና ተዓገስ


## ሓረስቶት ጎኔ ዘራእቶም ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ከምዝርከብ ሓቢሮም

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ንኡስ ዞባ ጎኔ ጸቡቕ ዓቐንን ዝርግሐን ዘለዎ ዝናብ ይወቅዕ ብምህላው፡ ዘራእቶም ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ከምዝርከብ ሓረስቶት ሓቢሮም።

ንሳቶም ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፣ ክራማት ቅድሚ ምእታው ብጋንታታት ተወዲቦምን ምስ ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊት ተወሃሂዶምን ዘሰላሰልዎ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዘተኰረ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ኣብ ክረምታዊ ሕርሻ ከባቢኦም ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ገሊጾም።

ዘራእቶም ኣብ ደረጃ ምጉሳይ በጺሑ ከምዘሎ ዝሓበሩ'ቶም ሓረስቶት፣ ክራማት ቅድሚ ምእታው ዝጀመርዎ ወፈራዊ ዕዮ፡ ምህርቶም ኣብ ቀፎኦ ክሳብ ዝኣቱ ክቕጽልዎ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ቅድሚ ክራማት ዝካየድ ማእቶታዊ ንጥፈታት ኣብ ሕርሻዊ እቶታውነት ልዑል ረብሓ ከምዘለዎ ክግንዘቡ ከምዝበቕዑ ብምግላጽ ድማ፣ ዘራእቶም በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ሳላ ሓያልን ወሁድን ጻዕሮም ብምዃኑ፡ ኣብ መጻኢ ብዝበለጸ ከምዝደፍኡሉ ኣረሂዖም።

## ዞባ ዓንሰባ፡ ቀጻሪ ለገስቲ ደም ብምስሳን ቀረብ ደም ንምውሓስ ዝካየድ ኀሰሳ ክሕይል ማዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ቀጻሪ ለገስቲ ደም ብምስሳን ቀረብ ደም ንምውሓስ ዝካየድ ኀሰሳ ኣብ ኩሉ ንኡሳን ዞባታት ክዝርጋሕን ክሕይልን ከምዝግባእ፡ ክለብ ለገስቲ ደም ናይቲ ዞባ ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዘቃንዩ ኣኼባ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ኣገልግሎት ባንክ ደም ትሕዝቶኡ ክዓቢ ምእንቲ፡ እቲ መሰረታዊ ምብራኽ ንቕሓት ህዝቢ ስለዝኾነ፡ ዕላማታት ባንኪ ደም ንምዕዋት ኣብ ዝካየድ ጐስጓሳት፡ ሚኒስትሪታትን ሃገራውያን ማሕበራትን ተራኦን ክጻወታ ከምዝግባእ፡ ኣቦ-መንበር ክለብ ወለንታውያን ለገስቲ ደም ዞባ ዓንሰባ መምህር ሙብራህቱ ጥዑምዝጊ ጸዊዑ።

ንሱ ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ኣኼባ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ክለብ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕናን ካልኦት መሻርኽትን ብምትሕብባር ኣብ ምውዳብን ምጉስጓስን ኣተኲሩ ክሰርሕ ከምዝጸንሐ፡ ከም መቐጸልትኡ ድማ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ክለባት ብምምስራት ወለንተኛታት ለገስቲ ደም መንእሰያት ንምስሳን ይንጥፍ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኣቶ ሳምሶም ጉብረስላሰ ብወገኑ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ክለብ ምቛሙ ብቐንዱ ንዘርኢ ሕጽረት ቀረብ ደም ንምፍታሕ ዝዓለመ ብምዃኑ፡ ብተተኻኢ ደም ንዘይትርከብ ህይወት ንምድሓን ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ተላብዩ።

ክለብ ወለንታውያን ለገስቲ ደም ዞባ ዓንሰባ፡ 400 ኣባላት ዝሓቘፈ'ዩ።




ኣማኑኤል በርሀ

# ፊስቲቫል ክቢት ዝቶደደላ ኤርትራዊት ከተማ



-ሃለው ተናፋቒት።

-መርሓብ ጊያሻይ፡ በየን በየን ደኣ ቀኒኻ?

-ሓደ ኢጣልያዊ በጺሒ ሐዘ'ንደየ ፈቒድኡ ከዘውሮ ቀንዩ።

-እውይ ኣታ መሃረፊ፡ ኣቢዩ ኣቢዩ ደኣ ኣብጺሕኻዮ? ባጽዕ ኢኻ ቀኒኻ በሎ።

-ክዘናግዮ ዘይተኽኣለ ምስ ጸጋታትናን ጽባቐናን'የ ከላልዮ ደልየ። መጀመርታ ናብ ደቀምሓረ'የ ወሲደዮ።

-ደቀምሓረ ደኣ እንታይ ኣሎ?

-ደቀምሓረ ብዙሕ ነገር'ዩ ዘለዋ። ገና እትው ክትብል ከለኻ ዘሎ ደናጉላታት፡ ኑቲ ቅርጺ መሬት ፍሉይ ግርማ'ዩ ዝህቦ። ብሉቀ ሕልፍ ምስ በልካ'ውን ኣብ'ዚ ቀረባ ዓመታት ዝተረኸበ ናይ ኣማኢት ዓመታት ቅርሲታት ኣሎ። ልዕሊ ኩሉ ግን ከተማ ኢጣልያውያን ብምኽናና'የ ከኽይደ ኣለ ናብኡ ወሲደዮ።

-እንታይ ማለት'ዩ "ከተማ ኢጣልያውያን"?

-ደቀምሓረ'ኳ ጥልያን ባዕሉ'ዩ መስሪትዋ።

-እምበርከ እዘን ኩለን ከተማታት መን ደዩ መስሪትወን?

-ብዕልና። እታ እኽ ጥልያን ዝመስረታ ከተማ ንሳ'ያ። ዋላ'ኳ ካብ መበል 15 ክ/ዘ ጀሚሮም ኣብ'ቲ ከባቢ ብዕሙር ሕርሻ ዝነብሩ ተቐማጦ እንተነበሩ፡ እዛ ዘላ ከተማ ግን ምስ ጉራዕ ሓዊሱ ማእከል ኢንዱስትሪን መዓዓዝያን ንምኻን ኣንቂድሰን'ዩ ኔሩ። ኣብ ጉራዕ ሽው ማዕርፎ ነፈርቲ ተሰሪሑ። ንደቀምሓረን ነፋሲትን ዘራኽብ ጽርግያ'ውን ሽው ዝተሰርሐ'ዩ። ስለ'ዚ ምስ ወደብ ባጽዕ ብቐረባ ክትራኸብ ኣኽኢልዋ። ብፍላይ ኣብ 1936 – 38 ዓ.ም ብቕዲ ኣርት ዴኮ ከይተረፉ ብዙሓት ኣብያቲ'ዩ ሃኒጾሎ። ኣጉዳሲ ወተሃደራዊ መዓስከር'ውን ስለዝነበራ፡ ካብ'ቶም ሽው ዝነበሩ 12 ሽሕ ዝኾኑ ነበርታ፡ እቶም ፍርቆም ኢጣልያውያን'ዮም ኔሮም።

-ጉዳይ ናይ'ቲ ኢንዱስትሪ ዝበልካዮ'ኸ?

"ወይኒ ደቀምሓረ" ክበሃልዶ ሰሚዕኪ ኣይትፈልጥን ኢኺ? ኣብ ከባቢታት እዛ ከተማ ብዙሕ ወይኒ ይፈሪ ምንባሩ'ዩ ዝገልጽ። ስለዚ፡ ፋብሪካ ክቢት ኔርዋ'ዩ፡ ዓመታዊ'ውን ናይ ክቢት ፊስቲቫል ይቶደደላ ኔሩ። እዚ ፊስቲቫል ንኽብሪ'ቲ ኣብታ ከተማ ዝፈሪ ዝነበረ ወይኒ ዝቶደድ ዝነበረ ኮይኑ፡ ኢጣልያውያንን ካብ መላእ ሃገር ዝመጽኡ ኤርትራውያንን ይሳተፍዎ ኔሮም። እዚ ንሓደ መዓልቲ ዝጸንበል ዝነበረ ፊስቲቫል፡ ዋላ ድሕሪ ጥልያን'ውን ንቑሩብ ዓመታት ቀጺሉ ኔሩ'ዩ። ብዘይካኡ'ውን ፎርኖታትን ፋብሪካ ፓስታን ኔርዋ። ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም እንግሊዝ ምስ ኣተው'ዩ ዕንወት ጀሚሩ። እተን ፋብሪካታት ተነቓቒረን ናብ ኢትዮጵያ ማይዘን። ብድሕሪኡ'ውን ገለ ናይ ደገ ኩባንያታት ከም በጻል ፈያት ዝኣመሰላ ኣብ'ታ ከተማ ወፍሪ ክገብራ ሓሰበን ምንባረን ግን ሃይለ ስላሰ ከምዘይደለየ ይዕለል'ዩ።

-እሞ ጥልያን ባዕሉ'ዩ ሰም ኣውጺኡላ ማለት ደዩ?

-ኣይፋሉን። ከም ዓዲ'ኳ ኣብ'ቲ ከባቢ ካብ ቀደም ኔራ'ያ እብለኪ'ለኹ። ኣንፈት ከተማ ስለዘይነበራን ኣብ'ዚ ሕጂ ዘሎቶ ስለዘይነበረትን ኢየ፡ "ጥልያን'ዩ መስሪትዋ" ዝበልኩ ዘለኹ። እምበር ስማ ደኣ እቲ ዛንታ'ኳ ነንበይኑ ኮይኑ ዝዕለል'ምበር፡ "ደቂ መሓሪ" ካብ ዝብላ ቃላት ዝተረፅመ ምኻኑ'ዩ ዝዝነዮ።

-ከመይ ኔሩኸ እቲ መገሻ ብሓፈሻኡ?

-ናይ'ቲ ካልእ፡ ካልእ መዓልቲ'የ ዝዕግረኪ፤ ናይ ደቀምሓረ መገሻና ግን ማራ ኬፍ ኔርዎ። ደቀምሓረ'ኳ ሎሚ ዓባይ ከተማ'ያ። ብዙሕ መዘናግዒ ቦታታት ስለ ዘለዋ ኣዝዩ'ያ ዕምርቲ። ኩነታት ኣየራ'ውን ኣብ ገለ ኣዋርሕ ዝቆላቐል ቁሪ ጊዲፍካ ኣዝዩ ምቹእ'ዩ። ካብ ኣስመራ ከኣ 40 ኪ.ሜ። ጥራይ ስለዝኾነት፡ ዋላ ካብ ኣስመራ'ንደየም ብዙሓት ሰብ መኪናን ከዘናግዑ ኣለዎም ናብኣ ዝኸዱ።

-እሞ ወዮ ፈረንጅኻ ተሓጒሱልካዶ?

-ማራ! ኣብ መወዳእታ ምስተኸየፈ ብእንግሊዘኛ ዝገጠማ ግጥሚዶ ብጉትግርኛ ተርጉመ ከስመዓኪ?

-ኣብሸርካ!

**-"እቲ ቁጽርኩም ሓደን ሽሕን**
**ክትፋቐሩ መቐለን ቋቐን**
**ኣብ ደምሃይኩም ሰሰዕ የለን፡**
**እቲ ልብሽኩም ወርቂ ኣዲን**
**ወግዕታትኩም ኣፍ ዘኾልድን**
**ሩያይ ጠቕለለዶ ምሳኹም**
**ክኸውን"** ኢያ ትብል። እሂ ተናፋቒት ኬፍ ኣለዋዶ?

-ማራ'ምበር። እሞ ኤርትራዊ ባህልን ፍቕርን ኣመናዩ መሲጥዎ ማለት'ዩ።

-ከም'ቲ ዝበሎ ዝምለሰ'ኳ ኣይመስል። ቻው በሊ ናይ'ቲ ካልእ ጉዕዞና ቀስ ኢለ ክዕልለኪ'የ።

-ቻው ጊያሻይ። ድሕሪ ሕጂ ግን ክትገይሽ ከለኻ ኣይትረስዓኒ ኢኻ።

-ብዋሊ።





# ጥዕና

ዶ/ር ኪዳን ተኽላይ

## ቁጥዐ ዘምጽኦ ጭኣታታት



ቁጥዐ (ኣለርጂ) ግብረመልሲ ናይ ኣካላት'ዩ። ቁጥዐ ከምጽኡ ዝኽእሉ ነገራት ናብ ኣካላት ብዝተፈላለዩ ክኣትዉ ይኽእሉ። ብኣፍንጫ፡ ዓይኒ፡ ቆርበት፡ ኣፍ። ዝተፈላለዩ ሕማማት ከኣ ከስዕቡ ይኽእሉ። ኣዝማ፡ ሓሰኻ፡ መባለድ(ቁጥዐ ቆርበት)፡ ቁጥዐ ዓይኒ፡ ሓፈሻዊ ቁጥዐ ኣካላት። እዞም ጸገማት እዚኣቶም ግን ንዘኾነ ሰብ ዘጥቅዑ ዘይኮኑ፡ ኣብ ገለ ተወርሳዊ ተኽእሎታት ዘለዎም፡ ነቶም ቁጥዐ ዘስዕቡ ነገራትን ዝተቓልዑን ሰባት ይርአ።

እቲ ዝበለጸ ኣፈዋውሳ ብኣለርጂ ዝመጽእ ሕማማት ምክልኻል ወይ ምውጋድ ኣለርጂ ዘምጽእ ጭኣታ'ዩ። ዚ ክውን ንምግባር ምልክታት ዘጋድዱ ምልላይ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ'ዩ። ምልክታት መዓስ ኣበይ( ኣብ ገዛ ዶ ወይስ ኣብ ደገ፡ ስራሕ) ኣበየናይ ወቕቲ( ጽድያ፡ ክረምቲ፡ ቀውዒ ሓጋይ)፡ ካብ ኩነታት ኣየር፡ ዕምባባታት፡ ኣግራብ፡ እንስሳታት፡ ቀመማት፡ ጨና ይመጽእ ከም ዘሎ ምልላይ ብዕቱብን ብዝገድስዎትን ምስራሕ ኣገዳሲ'ዩ። ዚ ንምምልላይ ከኣ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትን ምልክታት ኣብ ዝመጽሉ እዋንን ብዕቱብ ምስትብሃል የድሊ። በዚ ምስ እትዕወት፡ ምክንኻናን ካብ ሽግርን ሳዕቤናት ኣለርጂ ምድሓንን ተኽእሎ ይዓቢ። ኣብ ሕማም ኣዝማ፡ መድሃኒት ምክትታልን ዘይመሓየሸ ቅጽበታዊ ብርታዐ ምልክታት ምስ ዘጋጥም ከኣ ተቐላጢፍካ ናብ ረዲኤት እትረኽበሉ መደበር ጥዕና ምቕራብ'ዩ። ምኽንያቱ ኣዝማ ኣብ ውሽጢ ደቓይቕ ብበርቱዕ ሕጽረት ምስትንፋስን ማዕበስትን ሂወት ከሕልፍ ስለ ዝኽእል።

ኣለርጂ ካበይ ይመጽእ?

ቁጥዐ ወይ ኣለርጂ ከምጽእ ዝኽእል ጭኣታ ካብ ዝተፈላለዩ ነገራት ክመጽእ ይኽእል። ካብ ውሽጢ መንበሪ ገዛ ጀሚርካ ክሳብ ኣብ ከባቢ ዝርከብ ነገራት ምጥቃስ ይከኣል። ኣለርጂ ከስዕቡ ካብ ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል።

• ብዓይኒ ክርአዩ ዘይክእሉ ደቀቕቲ ሂወታውያን፡ እዚኣቶም ኣብ መብዛሕትኦም ናይ ገዛ ንብረት ይርከቡ። እዞም ደቀቕቲ ፍጥረታት ብርሃን ናይ ምንጻግ ከምኡ'ዉን ጠሊ ካብ ሃዋህው/ ኣየር ናይ ምስሓብ ክእለት ይዉንኑ። ኣብ ምንጻፍ፡ መተርኣስ፡ ሳሎን፡ ሽንጣና ከኣ ብብዝሒ ይርከቡ። ነዞም ዝተጠቕሱ ብልቡጥ ማይ ገርካ ምሕጻብ፡ ምስትራር፡ ወይ'ዉን ፊንስትራ ምኽፋት፡ ሽንትሌተር ምጥቃም ነዞም ምልክታት ኣዝማ ከላዕሉ ዝኽእሉ ክጓድሎም ይኽእል።

• ካብ እንስሳታት ዝርከቡ (animal dander)፡ እንስሳታት ከም በዓል ድሙ፡ ከልቢ ቀንዲ እሙን ዓርክን መዋዕልትን ደቂ ሰባት'ዮም። ብፍላይ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት እቲ ዕርክነት ኣዝዩ ዝዐየደ ይመስል። ምስ እዞም እንስሳታት ካብ ምጽዋትን ምዝንጋዕን ሓሊፉ ምሕቛፍን ኣብ ዓራት ከይተረፈ ብሓንሳብ ምድቃስን ይርአ'ዩ። ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ እንስሳታት ቀጻሊ ካብ ቆርበቶም ዝርግፍ ወይ'ዉን ካብ ምራቖም ቀልቀልን ሽንትን ዝወጽእ ኣለርጂ ዘምጽእ ጭኣታ ኣሎ። ናብ ኣቑሑት ገዛ፡ ክዳውንቲ፡ ምንጻፍን ካልእን ከኣ ክዓልብ ይኽእል። ካልኦት እንስሳታት ከም ማንቲለ፡ ኣናጹ፡ ኣዕዋፍ'ዉን ተመሳሳሊ ኣለርጂ ዘምጽእ ጭኣታ ከም ዘለወን ይግለጽ።

• ዋህዮኣዊ ዘርኢ ሰበኑ እዚኣቶም ኣብ ራሕሲ ወይ ጠሊ ዘለዎ ቦታ መናፈት ኣየርኮንዲሽን፡ ሻወር፡ መፅገቲ ማይ፡ ማይ ዘዘሩቐ ባኮታት፡ ጋብላታት . . . ወዘተ ይርከቡ። ብፍላይ መዓልታዊ እንተዘይጸርየም ዋህዮኣዊ ዘርኢ ከማዕብሉ ስለ ዝኽእሉ ብጥንቃቐን ጽሬትን ክትሓዙ ይግባእ። ዝኣረጉ መጽሓፍቲ፡ ጋዜጣ፡ ክዳን ኣብ ገዛ ክኽዘኑ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ነዞም ዝበሃሉ ዘለዉ ዋህዮኣዊ ዘርኢ ምቹእ ስፍራ ስለዝኾነዎም።

• ድዱዕ፡ ድዱዕ ሓደ ካብቶም ኣብ ገዛ ወደሰብ ዝነብሩ ካብ ዓይነታት ሓሰኻ'ዩ። ድዱዕ ኣብ ምዉቕን ብቐለሉ ማይን መግብን ዝረኽበሉ ቦታ ይመርጹ። ልክዕ ከምቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ከኣ ኣለርጂ ከምጽኡ ይኽእሉ'ዮም። ንህላወ ድዱዕ ጸረ ሓሰኻ መድሃኒትን ጽሬት መንበሪ ገዛ ብምዝውታር ክግታእ ይኽእል።

• ካብ ናይ ኣታኽልቲ ዕንባባታት፡ ኣትክልቲ ገለ ካብቶም ዝጥቀሱ ምንጪ ናይ ኣለርጂ'ዮም። ዝተፈላለዩ ኣትክልቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ወቕቲ ኣለርጂ ከምጽኡ ይኽእሉ። ካብ ዓበይቲ ኣግራብ፡ ሳዕሪ፡ ጻህያይ፡ ሓሰር/ ዱርቂ ክመጽእ ይኽእል። ምልክታት ምስ ወቕቲ ምስ ዝትሕሓዝ ምንጪ ቁጥዐ ዘምጽእ ጭኣታ ካብ ዕንባባታት ክኸዉን ከምዝኽእል ኣብ ምልላይ ኣለርጂ ኣገዳሲ'ዩ።

• ክስርስሩ ዝኽእሉ፡ ከም በዓል ሽጋራ ዝተበከለ ኣየር፡ ቡታ ጋዝ፡ ጨና። ኣዝማ ዘለዎ ሰብ ሽጋራ ክትክኽ የብሉን። ወይ'ዉን ኣብ ጥቓ ኣዝማ ዘለዎ ሰብ ኮይንካ ሽጋራ ምትካኽ ኣይግባእን። ሽጋራ ሽግር'ምበር ጥቕሚ ስለ ዘይብላ ብሓፈሻ ክትዉገድ ይግባእ።

• ስሑቐመማት፡ ገለ ገለ ስሑቐመማት ንምልክታት ኣዝማ የጋድዱ። ኣብ ስራሕን ኣብ ኢንዱስትሪታትን ንዝተፈላለዩ ቀመማት ምቅላዕ ኪጋጥም ይኽእል። ምልክታት ቁጥዐ ኣካላት ወይ'ዉን ኣዝማ ኣብ ስራሕ ቦታ ምስ ዝመጹ፡ ምንጪ ቁጥዐ ኣብ ከባቢ ስራሕ ከምዝሎ ምግንዛብ የድሊ።

ስለዚ ምንጪ ቁጥዐ ኣካላት ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ጭኣታታት ክኾኑ ይኽእሉ። ምልክታት ብዕቱብ ምክትታልን ምስትብሃልን ከኣ ክልለዩ ይኽእሉ። ምኽንያቱ ምልላይ፡ ደሓር ከኣ ምውጋድ ኣለርጂ ዘምጽእ ጭኣታ ቀንዲ ፍወሳ ብቁጥዐ ዝመጹ ሕማማት ስለዝኾኑ።


## ዙዕ

ኣብ ቆርበት ብዙH ዓይነት ሕማማት ይርአዩ እዮም። ሓደ ካብዚኣቶም ከኣ ብረኽሲ ፋንገስ ዝመጽእ ዙዕ ምጥቃስ ይከኣል። ዙዕ ዝበዝሐ እዋን ሃሳስ ጻዕዳ ዝመስል ኮይኑ ኣብ ከባቢ ክሳድ፡ ዓንዲ ሕቖን ቀላጽምን ይርአ። ካልእ ምልክት ዘይብሉ ስለዝኾነ፡ ዙዕ ዘለዎ ሰብ ስክፍታኡ ኣብ ቆርበት ዝርእዮ ምቅይያር ናይ ሕብሪ'ዩ። ሳሕቲ ግን ቁሩብ ሳሓ የምጽእ'ዩ። ዙዕ ብብዝሒ ኣብ መንእሰያት ይኽሰት። እዚ ይኹን'ምበር ኣብ ህጻናት ክሳብ ትሕቲ ሓደ ዓመት ከም ዝርአ'ዉን መጽናዕትታት ይሕብሩ።

እዚ ማላሰዚያ(malassezia) ብዝበሃል ቅብኣት ዝፈቱ ዓይነት ፋንገስ ዝኽሰት ኮይኑ፡ ኣብ ቆርበት ዝቕመጥ'ዩ። እዚ ማለት እዚ ድቀ ሂወታዊ፡ ኣብ ቆርበት ናይ ዝኾነ ሰብ ይርከብ ንምባል'ዩ። ገለ ኣቃላዕቲ ምኽንያታት ምስ ዝረኸብ ድማ ነዚ ዕድል ተጠቒሙ ዙዕ ከምጽእ ይኽእል። ሃሩር፡ ጠሊ ዝበዝሖ ቦታ፡ ረሃጽ ከምኡ'ዉን ኣብ ቆርበት ዝልከዩ ቅብኣት ንዙዕ ከቃልዑ'ዮም። እዞም ዝተጠቕሱ ኩሎም ኣብ ቆርበትና ቅብኣት ክውሰኽ ተራ ኣለዎም።

ዙዕ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ኣይመሓላለፍን'ዩ። ብምትንካፍ፡ ብሳምና ወይ ብኽዳን ዝመሓላለፍ ዝመስሎም ብዙሓት ሰባት ኣለዉ። እዚ ግን ግጉይ ርድኢት ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። ብጉድለት ጽሬት ዝመጽእ'ውን ኣይኮነን።

ዙዕ መድሃኒት ብምውሳድ ክፍወስ ይከኣል'ዩ። ካብቶም ንዙዕ ከቃልዑ ዝኽእሉ ነገራት ምስ እንእለ ከኣ ንፍወሳ ዝቐለለ ይኸውን። ሕብሪ ቆርበት ናብ ንቡር ክምለስ ግዜ ክወስድ ይኽእል'ዩ። ዙዕ ናይ ምምልላስ ተኽእሎ'ዉን ኣለዎ።



# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ


## ጽላል ወርሒ

ሓ ድ ስ መ ጽ ሓ ፍ

- ፍቕራውን ማሕበራውን ዛንታታት
- ፍሉይ ቅዲ ኣዘናትዋ

9 ሓጻርቲ ዛንታታት

ጽ ላ ል ወ ር ሒ

Mob.07492060





## ንጉ2ይ ግዜ ዝወጽእ ዘሎ ጨረታ

ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ዘሎ ካፈተርያ ከጫርቶ ስለዝደለየ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ናይ 2014 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድ ዘለዎ።
2. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ወጸ 15 (ዓሰርተ ሓሙሽተ) መዓልታት ክፉት ይኸውን።
3. ሳንዱቕ ጨረታ ንጽባሒቱ ልክዕ ሰዓት 3:00 ድ.ቐ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
4. መኽበሪ ጨረታ 5,000.00 ናቕፋ (ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ) ብጥረ ገንዘብ ይተሓዝ።
5. ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዜና ቁጽሪ 14 መጺእኩም ቀጥዒ ክትወስዱ ትኽእሉ።
6. ሚኒስትሪ ዜና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ በዚ ጨረታ እዚ ኣይግደድን እዩ።

ሚኒስትሪ ዜና

## ምልክታ ጨረታ

ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ ንኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ኣቑርደት፡ ጎኒ፡ ፎርቶ፡ ንተማሃሮ መግቢ ዝኸውን ኣሕምልቲ ዕንጨይቲ መሳርሕን ካብ ዕለት 20 መስከረም - ታሕሳስ 29/12/2014 ዘቕርቡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ክማልኡ ዝግብኦም
1. ናይ 2013 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ኮፒ የትሕዙ።
2. መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ ብካሽ ወይ C.P.O የትሕዙ።
3. መጫረቲ ፎርም ዝርዝር ሓበሬታ ካብ ቤ/ጽ/ጨ/ትምህርቲ ዞባ ጋሽ ባርካ ይወስድ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ.ቴሌፎን 731216/ 731042 ተወከሱ።
4. ጊዜ ጨረታ ክሳብ 17/9/2014 መስከረም ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ 18/9/2014 መስከረም 2014 ሰዓት 11:30 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
5. ቤ/ጽሕፈትና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ በዚ ጨረታ ኣይግደድን'ዩ።

ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ

## ምልክታ

ብስም መዋቲ ነፍ/በዓል ቤተይ ኣቶ ኣለም መንኣመና ተኸለ ዝፍለጥ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ዓርበረቡዕ ከባቢ ሸግርኒ ካብ ኣስመራ 5 ኪሎ ሜተር ርሒቓ ትርከብ ዘላ ናይ ትካለ ገዛ ሰነዳት ብምልኡ ስለዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣለኹ ዝበል እንተሎ፡ ብቁ/ቴሌፎን 07136642 ክሕብረኒ። እንተዘየሎ ግና፡ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እፍልጥ። ንዓይ ንኣመልካቲት በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ መኣዛ ዑቕባይ መድሃኔ ዋራይ ትምልከትኒ ስለዝኾነት ዝቃወም ወይ ድማ ንዓይ ይምልከተኒ እዩ ዝበል ሰብ ምስ ዝርከብ ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ ዑቕባይ መድሃኔ

## ዓቢ ምጉዳል ዋጋ፡ ካብ ትካል መሸጣ ብሽክለታ ዶሪስ

ስርሓት ዓዲ ጥልያን ዝኾነ ብሽክለታታት ብምኽንያት በዓል ቁዱስ የውሃንስ ብኣጋጣሚ ትካልና ካብ 1 መስከረም - 20 መስከረም ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ጌሩ ስለዘሎ፡ ብጽሒና ይብል።

ኣድራሻና፦ ከባቢ ማይ ኣባሻውል ጥቓ እንዳ ሚኒባስ ጎደና ዓዲ ሸሩም ቁጽሪ ገዛ 17 ቁጽሪ ተሌፎን 07143009 ክትውከሱና ብኽብሪ ንዕድም።

## ምልክታ

ብስም ወ/ሮ ኤልሳ ሳህለዝጊ መሓሪ ዝተመዝገበ ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00035260 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጋላነፍሒ ጎደና ዓዲጋዕዳድ ቁ/ገዛ - ዝርከብ ናይ እንዳ ቺክሊስታ ትካለን ንኣቶ ሰለሙን ኢሰያስ ተኽለኣብ ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ ብስም ውህብቶ ወሃቢት ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ ስልጣን ንቤ/ፍ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጋይ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ኤልሳ ሳህለዝጊ መሓሪ

## ምልክታ ጨረታ

ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ ማይ-ነፍሒ ኣብ ላዕለዋይን ታሕተዋይን ክልቲኡ ካምፓስ ንተማሃሮን ኣባላትን ኣገልግሎት ዝህብ መዘናግዒ ማእከልን ንኣሸቱን ትካላት ካብ ዕለት 2/9/2014 - 30/06/2016 ንክልተ ዓመት ናይ ትምህርቲ ግዜ ዝጸንሕ ውዕል ንዕዉታት ግቡኦም ዘማልኡ ተጫረትቲ ከካሪ ስለዝደለየ፡ ግዱሳት

ተጫረትቲ ከማልዎ ዘለዎም፦

1. ናይ ነፍሲ ወከፍ ትካል ናይ 2013 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ።
2. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን ተመላሲ ገንዘብ በዚ ኣብ ታሕቲ ንነፍሲ ወከፍ ትካል ተመዲቡ ዘሎ ናቕፋ C.P.O ከትሕዙ።
3. ተጫረትቲ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ መብርሂ ጨረታ ይመልኡ።
4. ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ (15) ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ውን ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
5. መኽበሪ ጨረታ ብC.P.O ነፍሲ ወከፍ ተመላሲ ዝኸውን።

| | | |
|---|---|---|
| 1. ክልተ ትካላት ቤት ሻሂ | ነፍሲ ወከፍ ትካል | 80,000 ናቕፋ |
| 2. ክልተ ትካላት እንዳ ዱኳን | ነፍሲ ወከፍ ትካል | 30,000 ናቕፋ |
| 3. ክልተ ትካላት እንዳ ቀምቃማይ | ነፍሲ ወከፍ ትካል | 10,000 ናቕፋ |
| 4. ክልተ ትካላት እንዳ መሻጢት | ነፍሲ ወከፍ ትካል | 10,000 ናቕፋ |
| 5. ክልተ ትካላት እንዳ ፎቶ ኮፒ | ነፍሲ ወከፍ ትካል | 15,000 ናቕፋ |

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ ኣብ ኣሃዱ ዕድጊ ብምምጻእ ወይ ብቁ.ስልኪ 08202671 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።
ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ

## ምልክታ

ብስም ወ/ሮ ኣኽበረት መሓሪ ተወልደ ዝተመዝገበ ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00034695 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ገዛ ባንዳ ጃልያንቲ ቁ/ገዛ 39 ዝርከብ ናይ ጽርበት ሓጺን ዕንጨይትን ትካለን ንኣቶ ተስፋልደት መሓሪ ተወልደ፡ ሸይጠሉ ስለዘለኹ ብስም ሸያጢት ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ ስልጣን ንቤ/ፍ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጋይ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ኣኽበረት መሓሪ ተወልደ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions for Bisha site project;

## 1. Instrumentation Technician (01)

Major Duties and responsibilities

- Skilled trade – Instrumentation calibrations and installation, fault finding and optimization of instrumentation equipment to set standars.
- Routine maintenance check and performance on instrumentation
- Plan job to maximise efficient use of available time and material
- To ensure safe and correct working practises at all time
- Job exist to provide continuse operations and performance of all instrumentation and related functions of instrumentation installation to existing and new installations.
- Be able to work with people and to supervise co-workers
- To do fault finding in such a manner not to damage equipment or injure people
- To keep all registers up to date and time sheets signed.
- Intimateknowlege of Temperature, Density, Mass, Flow, Pressure, Level type instrumentaion; Variable speed drives (VSD) for motor control; PLC and SCADA programming will be an advantage or basic programming skill will help e.g visul basic.

Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | Formal training in electrical/ instrumentation light current trade with proof of test passed including technical certificate in trade theory. |
| Working experience – Nature & length | 5years post trade certificate experience of which at least 3 years must be in a mining environment involved with process plant maintenance |
| Other skill and ability | Fluent in spoken and written English. Must have computer skill including MS word, excel and power point presentation. |
| Leadership experience | Must have leadership and some supervision experience |

## 2. OFFICE CLEANERS CREW LEADER (01)

Position Overview and Key Responsibilities:-

- Ensure janitors or cleaners are designated according to the number offices building.
- Ensure his/ her presence ate working site.
- Ensure office buildings are properly cleaned and neat at all time.
- Make sure debris is removed and trash receptacles are empty by the crew.
- Ensure enough cleaning tools and items are available in stock.
- Ensure windows, glasses and mirrors properly cleaned and curtained.
- Ensure toilets are cleaned and toilet items are available at all times.
- Ensure housekeeping of building kitchen is in good manner and items are kept clean and washed.
- Ensure insecticides are sprayed to prevent of insect and rodents.
- Initiate work requests of any identified repairs of office furniture's and items.
- Manage workers and keep records data regarding work assignments, personnel actions, and prepares periodic reports.
- Other related jobs as required by supervisor.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certification or Equivalents | College or High school graduate |
| Working Experience - Nature and length of time | Two years of work experience in related fields |
| Leadership Experience Nature and length of time | Ability and experience of producing required reports |
| Other skills and abilities | ➢ Knowledge of computer M/ S offices<br>➢ Knowledge of the equipment, materials and chemicals needed for the work. |

General Information and Other Requirements for the Above Positions**:**

- Place of work : Bisha site
- Type of contract: indefinite period
- Salary: As per Company salary scale
- Additional requirement for Nationals:
- 1. Provide evidence of completion or exemption from National service
- 2. Present release paper from current/last employer
- 3. Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Application documents will not be returned back to sender and.
- All applications should be sent through the post office
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.
- Address: Please mail your applications to;
  Bisha Mining Share Company,
  P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea


**Note to Eritrean applicants:**
Please send a copy of your application to
Ministry of Labor and Human Welfare
Department of Labor
P.O.BOX 5252, Asmara, Eritrea

# Notice

Notice is hereby given to the public that, the Share Holders of ERITRUCKO sh.co on their Extra Ordinary meeting held on 12, April 2014 resolved that:

1. The capital of the company be raised to Nakfa 118,659,200.00 (One hundred eighteen million six hundred fifty nine thousand and two hundred) after valuation.
2. The par value of each share is now raised to Nakfa 4450.00 accordingly.
3. That, Article 5 of the memorandum of Association be amended accordingly.
4. That the said resolution be registered in the commercial register of the Business License Office of the State of Eritrea, in Asmara.

ERITRUCKO Sh Co.




# ገምጋም ሓሙሽተ መዝገበ-ቃላት

## ግዕዙ-ትግርኛ

ብዶ/ር ሓዱስ ጉብረ ማስቀል

ሳልሳይ ክፋል

(2) "መዝገበ ቃላት ግእዙ-ትግርኛ" ብቀሺ. ኢሳይያስ ኃ(ሓ)ይለኣብ፣ 133 ገጻት፣ 2013፣ ኣስመራ

እዚ ብቀሺ. ኢሳይያስ ኃ(ሓ)ይለኣብ ዝተዳለወት ሓጺር መዝገቡ-ቃላት ማእለያ ዘይብሉ (ዘኣልቦ፡ ጉልቀ) ጌጋታት ጠርኒፋ ትርከብ ኣላ። ካብቶም ኣዝዮም ብዙሓት ዝኾኑ ናይ ግዕዝን ናይ ትግርኛን ኣጸሓሕፋ ኮነ ትርጉም ብጌጋ ቀሪቦም ዘለዉ ቃላት ብሓጺሩ በዚ ቀጺሉ ዝስዕብ ሰሌዳ ክንግምዝዞብ ኝኽእል ኢና።

ኣብ ሓጺር ዝርኣ ዘሎ ምልክት (*) ተሓንጊጦም ቀሪቦም ዘለዉ ቃላት ካብ ናይ ሊቀ ማዘምራን የማነ ብርሃን ወልደ ጉብርኤል መዝገቡ-ቃላት ክይተኣረሙ ዝተቐድሑ ጌጋታት እዮም።

| ገጽ | ግዕዝ | ትግርኛ | እሩም ግዕዝ | እሩም ትግርኛ |
|---|---|---|---|---|
| 1 (1) | ሀለል | ምልኣተ ወርሒ. | ህለል | ምልኣት ወርሒ. |
| 1 (2) | ሀኣ | ሓጢኣት | ሀኣ | ወንጌል |
| — | — | — | ሓሲባ | ሓጢኣት |
| 1 (3) | ሀረፈ. | ሃረፈ፡ ሰሰዐ | ሐረፈ. | ሃረፈ፤ ሰሰዐ |
| 1 (4) | ሀቡ | ሃቡ፡ ኣደ | ሀቡ | ሃቡ። እንከ፤ ንዑ፥ ኣደ ሕዝቅያስ |
| 1 (5) | ሆነበ | ሓንበጠ፡ ፈረየ | ኀ(ሐ)ነበ | ፈረየ፡ ሓንጠበ፡ ሓንዘዘ |
| 1 (6) | ሆኦት | ሜዪ ጎልጎል | ሆኦት | — |
| 1 (7) | ሀይመነ | ኣመነ፡ ተኣመነ፡ ሃይማኖት ገበረ | — | ኣመነ፡ ኣሚኒ ነበ፤ ተኣመነ፤ ሃይማኖት ተቐበለ |
| 1 (8) | ሀዶ | ሓዊ፡ ቀትሪ | ሀዶ | ጸሓይ ቀትሪ፡ ጨው ቀትሪ |
| 1 (9) | ሀገሪት | ወላዲት ሃገር* | ሀ(ሐ)ገሪት | ወዲ ዓዲ፥ ወዲ ከባቢ. |
| 1 (10) | ሃላንሶን* | መጠምጠምያ፡ ሻሽ | ሃላንሰን | — |
| 1 (11) | ሃጻጻ | ዐይኑት ኣሞራ | ሃጻጻ | ዘይብርር ዓብዪ ኣሞራ |
| 1 (12) | ሄልጻጻ* | ደዌ* | ሄልጻጻ | ሕማም |
| — | — | — | ኤልጻጹ | ደዌ |
| 1 (13) | ሄሌዎቱ | መጋብኢያ፡ ኣዳራሽ | ሄሌዎቱ | ኣዳራሽ . . . |
| 1 (14) | ሄጼጼ* | ደገ ሰላም | ሄጼሉ | ደገ-ሰላም |
| 1 (15) | ሄጻጺ. | ኣሞራ | ሄጻጻ | ዓይነት ኣሞራ፥ ራዛ stork |
| 2 (16) | ሀሮ | መንደል | ኅ(ህ)ሮ | መንደል chisel |
| 2 (17) | ሀያክንቶስ* | ሕብራዊ ግምጃ* | ሀያክንቶስ | ዕንቍ |
| 2 (18) | ለምሐ* | ዞረ* | ለምሐ | ለምዐ |
| 2 (19) | ለምጼ* | ዓራት፡ መተርኣስ፡ ዝፋን | ለምጼ | ዝፋን |
| — | — | — | ልንጼ | ዓራት፤ መተርኣስ፤ መኸዳ" |
| — | — | — | ለንጼ | ናይ ክብሪ መንበር |
| 3 (20) | ለቢናጦር* | እጅጋ ዘይብሉ ቀምሽ | ለቢጦናር | — |
| 3 (21) | ለከወ* | ፈዘዘ፡ ደንዘዘ፡ ብዘገር ተንከየ* | — | (ንዓይኒ) ፈዘዘ |
| 3 | ለከፈ. | ተንከፈ፥ ተንከየ | ለከፈ. | ለኸፈ፥ ተንከፈ. |
| 3 (22) | ለውለወ | ኣህተፍተፈ፡ ኣምባህፍቔ | ለውለወ | ኣምባህፍቔ፡ መልሓሱ ኣውጺኡ ወዘወዘ |
| 4 (23) | ለጥሐ* | ገበረ፡* ሰርሐ | ለጥ"ሐ | ገበ"ረ፥ ዓብሪ መንግስቲ ከፈለ |
| 4 (24) | ለጥር* | ሕልቂ | ለጥር | ነጥሪ (454 ግራም) |
| 4 (25) | ለብጦን* | እጅጋ ዘይብሉ ቀሚሽ | ለብጦን | — |
| 5 (26) | ላህለወ | ከርፈሰ፡ ሰርሐ | ላህለወ | ከርፈሰ ሰርሐ |
| — | ላህሎ | ከርፈሰ | — | — |
| 5 (27) | ላህል* | ቀሓር፡* ዓሶ | ላህብ | ረስኒ፤ ዓሶ fever: malaria |
| 5 (28) | ላሜአ | ማሰኣ፡ ባዴላ | ላሜዳ | ማሰኣ winnowing-fork |
| 5 (29) | ሊፓ* | ሳዕሪ | ሊፓ | — |
| 5 (30) | ሌለየ | ሌለየ ፈለየ፡ መመየ | ሌለየ | ለለየ፥ ኣለለየ፥ ፈለየ |
| 5 (31) | ልሁደ | ሓንቀቐ፡ ለዘበ | ልሕደ | ሓንቀቐ፤ ለዘበ |
| — | — | — | ልህድ | ኣረጊት |
| — | — | — | ልሕድ | ሕንቁቕ |
| 6 (32) | ልእድ* | ጠሰሚ፡ ልኻይ | ለሰድ | ለስዪ፥ ጠሰሚ፥ ልኻይ |
| 7 (33) | ሐለቐ | ከበበ፡ ዘርያ ኮነ | ሐለቀ | ዘወ"ረ፥ ዘርያ ፈጸመ |
| 8 (34) | ሐሴን* | ሸሮ* | ሐሴን | መራሕ ማይ dragonfly |
| 9 (35) | ሐፍኖት | ቤት ማስተ፡ ቤት ማሸጣ ሰጋ፡ እንዳ ኢጋይሽ | ሐኖት | ቤት ማስተ፥ ቤት ማሸጣ ሰጋ፥ ማዕረፍ ኢጋይሽ |
| 9 (36) | ሐጺ. | ሕማም | ሐጹ | ሕማም |
| 11 (37) | ሕንጽዋል* | ሓርኢ. እኽሊ.* | ሕንጽዋል | ሰዓሪ፤ ሓፃባል foul weeds |
| 12 (38) | መህጽ* | ተዓህለ* | ምሕፀ(ጸ) | ሃደመ። ጸረፈ፥ ነቐፈ፥ ተንከፈ. |
| 12 (39) | መልክያስ* | መልክዐና* | መልኪያስ | መልእኽተኛ፥ ልኡኽ |
| 13 (40) | መልሐተ* | ጸሆ | መልሖተ | — |
| 13 (41) | ማሰጠ* | ማሰጠ፡ በርሐ፡ ከተረ፡ መንዝዐ* | መሠ(ሰ)ጠ | መንዝዐ፡ መንጠለ |
| — | — | — | ማለጠ | ማለጠ ። ሉሓጸ |
| 13 (42) | ማስቀር | ማሰኮት | ማስቀር | መርከብ ። ታቦት |
| — | — | — | ማሰኮት | ማሰኮት |
| 14 (43) | መንክሰ* | ከኣለ* | መንክስ | መንክሰ፤ ምንጋጋ |
| — | — | — | መንገረ | ከኣለ፥ ተጸመመ፤ ተጻወረ endured |
| 14(44) | መፍኒ | መኽፈት፡ ጥርሑ ኮነ | ማነ | ቦታ ኮነ |
| — | — | — | መኒ | መኸኑ፥ ፍረ ዘይብሉ ኮነ፥ ባዶ ኮነ |
| 15 (45) | መከየ* | መከተ፡ ኣፅጸረ፡ ሓለወ፡ ተኸለኸለ* | መኰ"የ | መከተ፤ተኸለኸለ፤ ተወራረደ፤ ተጋህረ፥ ደንፍዐ |
| 15 (46) | መዘገ* | ከተረ፡ መንዝዐ፡ ተወንጨፈ.* | መዘገ | መንዝዐ፡ መንጠለ |
| 16 (47) | መፍጸ | መጸጹ በኸየ | መፀ (መጸ) | በኸየ፥ መጺጽ ኮነ፥ መፐኽዕቲ ኮነ |
| 16 (48) | ማስቀል* | ማስቀል፡ ማስቀሊ፥ ታቦት፥ መርከብ* | ማስቀል | ማስቀል |
| — | — | — | ማስቀር | ታቦት፥፡ መርከብ |
| 17 (49) | ማስኖቅት* | ለቒታ፡ ሳንጣ፡ ማሕፉዳ* | ማስኖቅት | ክሽነ |
| — | — | — | ማስኖቅ | ለቒታ ሳንጣ፤ ማሕፉዳ፤ ናይ ኢድ ቦርሳ |
| 17 (50) | ማሰአ* | ማሰአ* | ማሰዬ | ማሰአ pitchfork |
| 17 (51) | መግረድ | ክቡር ሓፀላይ እምኒ | መረግድ | ሓፀላይ ወይ ቀጠልያ ክቡር እምኒ emerald |
| 18 (52) | መርዱድ* | ለቒታ* | መርዴድ | ለቒታ |
| 19 (53) | መቅዝ | ማሕጸ፡ ፋሱ፡ ምሳር፡ መቐጥቀጢ፡ ጎዘሞ | መቅለዝ | መጽረቢ፥ ምሳር፥ ፋሱ፥ ማሕጸ |
| — | — | — | መቁለዝ | መቐጥቀጢ፤ ጉዘሞ |
| — | — | — | መቅለዝ | ጸረበ |
| 19 (54) | መትኣንግል | ቁዞሚ፡ መማረሪ | መትኣንተል | መጉረምረሚ፤ መዕዘምዘሚ |

## ሓበሬታ

ኣብዘን ዝቐጽላ ዓምዲታት እዘን ዝስዕባ ትሕዝቶታት ክእንገዳ እየን፥

1. ብዶ/ር ሐዱስ ጉብረ ማስቀል ዝተዳለዉ ጽሑፋት፡
   ሀ. ኣብ ሓሙሽተ መዝገቡ-ቃላት ግዕዙ-ትግርኛ ዘተኩረ ግምገማ።
   ለ. ግምገማ "ምዕቡል መዝገቡ-ቓላት እንግሊዝኛ-ትግርኛ"
2. ብዞዕባ ተደገምቲ ፊደላት ብዋርማጽዮን የማነ
3. 'ሓደ ድምጺ ሓደ ፊደል'፡ ትግርኛዊ ኣገባብ




ያሲን ሳልሕ (ያ፣)

# ቋንቋ ምልክት - ቋንቋ ኣደ ጽሙማን

ኣብ ሃገርና ብዘተፈላለየ ምኽንያታት - ኲናት፡ ሓደጋ፡ ባህርያ፡ ሕማምን ካልእን ስንክልና ዘተቓልዑ ዜጋታት ኣለዉና። እዞም ዜጋታት ተረባሕቲ ናይ ኩሉ ዓይነት ዕድላትን ኣፍረይትን ኮይኖም ኣብ ምዕባለ ሃገር መሪሕ ተራ ክጻወቱን ኑብሶም ክኽእሉን መንግስቲ ብዐኞዋ ዝተፈላለዩ ደገፋትን ሓገዛትን ክገብረሎም ጸኒሑን ይገብረሎም ኣሎ። ካብ ስንክልና ሓደ ድማ ጽሙት'ዩ። ጽሙት ብዘተፈላለየ ምኽንያታት ዝኽሰት ኮይኑ፡ ሳዕቤኑ ብድምጺ ንዝወጹ ቃላት ክትሰምዕን ክትርድኦን ዘይምኽኣል እዩ።

ጽሙማን ነቲ ብምልክት ዝዘረብዎ መረዳድኢ ቋንቋኦም እንክትፈልጥ ክትግረምን “ብኸመይ ይረዳድኡ ኣለዉ?” ኢልካ ኣብ ባዕላዊ ትንተና ክትኣቱን ኢኻ ትድረኽ። ምኽንያቱ ነቲ ስንክልና ዘይተቓልዐ ሕብረተሰብ ብዙሓ ዝዘረቡሉ ቋንቋ ኣደኦ እንተዘይኮይኑ፡ ብዙሓ ቋንቋ ምልክት ብዙሕ ኣፍልጦ ስለዘይብሉ። ጽሙማን ግን ከምቲ ዓይነስውራን ብረይል፡ ስንኩላን ኣእዳውን ኣእጋርን ከኣ “ሰብ ሰርሖ መሓውር” ዝጥቀሙ፡ ጽሙማን እውን ክረዳድኦምን ምልእ ሓሳብ ክሰርሕን ዝኽእል ‘ቋንቋ ምልክት’ ኣለዎም።

ስንኩላን ከም ኩሉ ካልእ ዜጋ ማዕሪኦም ተሓልዩ ተረባሕቲ ናይ ኩሉ ዕድላት፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ሃገር ተዋሳእትን ኣፍረይትን ኮይኖም እጃሞም ኣብ ምብርካት ይርከቡ ኣለዉ። ኣብ ኤርትራ ስንኩላን ዝጥርንፍምን ዝከታተሎምን ማሕበር ኣለዎም። ኤርትራውያን ጽሙማን ድማ ነቲ ብዘተፈላለየ ምኽንያታት ዜጋጠሞም ስንክልና ሰጊሮም ከም ኩሉ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ኑብሶም ክኢሎም ህይወቶም ክመርሑን ትሰፋው መጻኢ ከቋምቱን፡ ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገሮም'ውን መሪሕ ተራ ክጻወቱን ዝኽእሎም ኣብርክቶ ምእንቲ ክህልዎም፡ ብትምህርቲ ክበስሉን ናይ ስራሕ ሞያ ክጥርዩን ናይ ርክብ ጸገማቶም ዘቃልሉ መንገድታት ዝደህስሱ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሚኒስትሪ ዕዮን ስብኣዊ ድሕነትን ብ6 ሰነ 1998 ዝቖመ ናጻ ዘይመንግስታውን ማሕበር ኣለዎም።

ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ፡ ሰንበት 31 ነሓሰ ሚኒስተር ዕዮን ስብኣዊ ድሕነትን ካሕሳይ ገብርሂወት፡ ኣባላት ማሕበር፡ ወከልቲ ሃገራውያን ማሕበራትን ዕዱማት ኣጋይሽን ካልኦትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ 4ይ ሃገራዊ ጉባኤኡ ብዓወት ኣቃኒዑ።

ኣብቲ ዋዕላ ናይ “እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም” ቃል ዘሰመዐ ኣቦ መንበር ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ኣቶ መሓሪ ተወልደ፡ ማሕበር ጽሙማን ካብ ኩሉ ጾታ፡ ክሊ ዕድመ፡ ደረጃ ትምህርቲ፡ ጽሙማን ዜጋታት ወይቡ፡ ካብ ዞባታት ሓሊፉ ክሳብ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ውዳቤኡ ብምስፋሕ ንዕብየትን ምዕባለን ጽሙማን ክይተሓለለ ይጽዕር ከምዘሎ ጠቒሱ፡ እቲ ማሕበር ከምቲ ዝደለኻ ክሰጉም እንተዘይከኣለ፡ ንጹር መደባት ሓንጺጹን ቀዳምነታት ሰሪዑን ከም ኩነታቱን ኣድላይነቱን ኣብ ምሕያል ማሕበርን ምሕደርኡን ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ሚኒስተር ዕዮን ስብኣዊ ድሕነትን ኣቶ ካሕሳይ ገብርሂወት ኣብ ዘስመዖ ቃል ድማ፡ “ጉዳይ ስንክልና ንኹለን ስድራ-ቤታትን ሕብረትሰብን ኣካላት መንግስትን ማሕበራትን ዝምልከት እዩ” ድሕሪ ምባል፡ መንግስቲ ኣብ ጉዳይ ስንኩላን መደባቱ ሓንጺጹ መተብር ስንኩላን ንምምሕያሽ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ኣረዲኡ። ብፍላይ ብደረጃ ሃገር መደብ ኮማዊ ስረት ተሃድሶ ከም ቀንዲ ስትራተጂ ብምትእትታው ከምኡ'ውን ስንኩላን ብዓይነት ስንክልንኦም ብማሕበራት ከም ዝጥርነፉ፡ ማዕረ ዕድላትን ተሳታፍነትን ስንኩላን ንምርግጋጽ ከም ሰረት ዝገበረ ኸትጋሱ ናይ ተሃድሶ መደባት፡ ኣሉታዊ ኣመለኻኽታ ሕብረተሰብ ኣብ ልዕሊ ስንኩላን ክመሓየሽ ምኽኣሉ፡ ሃገራውያን ማሕበራት ስንኩላን ውዱባቶንን ንጥፈታተንን ብምሕያል ዘካይድኦ ጻዕሪ እወታዊ ምዕባለ ከምዘተረኽቦ ድማ ኣረዲኡ።

“ማሕበር ኣብዚን ዝሓለፉ 16 ዓመታት ዘሰየደም ንጥፈታትን ዝቖሰሞም ተመኩሮታትን ገምጊሙ ንመጻኢ ከም መንጠሪ ባይታ ክጥቀመሉም ይግባእ” ዝበለ ሚኒስተር ካሕሳይ፡ ጽሙማን ማእከል ናይ ምዕባሌኦም ክኾኑን መትከል ርእሰ ምርኮሳ ክሕንገጡን ዝያዳ ጻዕርን ስራሕን ከም ዝሓትት፡ ጸገማት ጽሙት ከኣ ብተሳታፍነት መላእ ሕብረተሰብ ስለ ዝፍታሕ ብትኹረት ክስራሓሉ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

መምህር ዘካርያስ የውሃንስ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ ስራሕ ከኣ፡ ማሕበር፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጽሙማን ዝምልከቱ ሃገራዊ ጉዳያት መምስ ዝምልከቶ ኣካል ተዘራሪቡ ምቁጽጻርን ምክልኻልን ጽሙት ዝቆጻጸር ማእከል መመርመሪ እዝኒ(ENT) ክኸፍት ከም መደብ ተታሒዙ ከምዘሎ ጠቒሱ፡ ሰለስተ ግዜ ብዘዞሮ ስልጠና ቋንቋ ምልክት ልዕሊ 50 ዝሰምዑ ሰብ ሞያ መማህራን፡ ኣባላት ፖሊስ፡ ደያኑ ሕግን ጋዜጠኛታትን 200 ዝኾኑ ጽሙማን በበሓቡኡ ወሃዒ ቋንቋ ምልክት ከምዝፈልጡ ከምዝገበረ ሓቢሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ን234 ኣባላቱ ናይ ኮምፒዩተር፡ ፈልሻሞ፡ ማእለሙ፡ ሽደዮ ካሜራ፡ ምሕደራ፡ ኣትሌቲክስ፡ ቅብኣን ቅርጻን ሞያዊ ስልጠና ብምሃብ ኑብሶም ክመርሑ ከምዝሓገዞም ኣረዲኡ።

“ቋንቋ ምልክት፡ ኣብ መላእ ሃገር ሓደን ዘይቀያርን ኩለን ብሄራት ብሓባር ዝጥቀማሉ፡ ባህልን ኣተባብራን ህዝብናን ማእከል ዝገበረ ሃገራዊ ቋንቋ” ብምዃኑ፡ ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ምስ መሻርኽቱ ብምትሕብባር ዛጊት ካብቲ ዘተባበዕ ዕማማቱ፡ ብፍላይ ንጽሙማን፡ ወለድን ሞያውያንን ምምሃሩ ምዃኑ ዝጠቐሰ መምህር ዘካርያስ፡ ንምርምርን መጽናዕትን እቲ ጠቕም ኣብ መፈጸምታኡ ክትበጽሕ ሸዱሽተ ዓመታት ዝወሰደት፡ ሸዱሽተ ሽሕ ቃላት ዝሓዘት መዝገበ ቃላት፡ ብትግርኛ፡ ዓረብን እንግሊዝኛን ዝተተርጎመት ክልተ ሽሕ ቃላት ዘለዋ ናይ ምልክት ቋንቋ መጽሓፍን ዶኩመንታሪ ፊልምን ኣዳልዩ ብ20 ሚያዝያ 2011 ምዝርግሑ ናይዞም ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ን234 ኣባላቱ ናይ ኮምፕዩተር፡ ስርሓት ዕንጸይቲ፡ ማእለሙ፡ ምቅራጽ ሽደዮ፡ ምሕደራ፡ ቅብኣን ቅርጻን ካልእን ሞያዊ ስልጠና ሂቡ ኣሎ።

ተሳተፍቲ ጉባኤ፡ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድሕሪ ዘሰየድዎ ዘተ፡ ካብ 6ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘሎ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ብቋንቋ ምልክት ዝወሃበሉ ኣገባብ ቁልሕታ ክወሃብ፡ ጽሙማን ማዕረ ዕድላት ሽቕለት ክፍጠረሎም፡ ኣብ ስፖርትን ምስኡ ዝተኣሳሰር ጉዳያትን ዝያዳ ተሳተፍቲ ዝኾኑሉ ባይታ ክጥጠሓ፡ ጉዳይ መምርሒ ፍቓድ ተሽከርከርቲ ክሕሰበሉ ዝበሉን ካልኦትን ርእይቶታትን ለበዋታትን ድሕሪ ምቕራብ፡ ንኣርባዕተ ዓመት ንጥፈታቶም እትኣሊ ሓዳስ ኣካያዲት ኣካል መሪጾም።

ሃገራዊ ማሕበር ጽሙማን ኤርትራ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ኣስመራ ኮይኑ፡ ኣብ ዞባታት ዓንሰባ፡ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ጋሽ-ባርካን ደቡብን ጨናፍር ኣለውዎ። ኣብ ኤውሮጳ'ውን ኣብ ሃገራት ስካንድናቭያን ስዊዘርላንድን ወከልቲ ማሕበራት ኣቚሙ ኣሎ።








# ስፖርት

ሃብቶም ጺጋይ




## ጋንታታት ፕሪመር ሊግ ብመንጽር ቁመት ተጻወትቲ

ውድድራት ፕሪመር ሊግ ካብ ካልኦት ውድድራት ብፍጥነትን ሓይሊ ዝተሓወሶ ሜላ ኣጻዋውታኡን ብዝያዳ ይፈለ። ክለባት እንግሊዝ ብሓፈሻ፡ ጋንታታት ፕ/ሊግ ድማ ብፍላይ ስልቲ ጸወተአን ብቐልጠፍ ናህሪ ዝተሰረን ልዑል ናይ ምቅላስ መንፈስ ዝዀበለሎን ኢዩ። በዚ መንጽር ድማ ኣባላተን ዝኾኑ ተጻወትቲ ቅልጡፋትን ድልዱል ተኽሉ ሰብነት ክህልዎምን እንተሎ ብዝያዳ ኣድማዕቲ ይኾኑ። ኣብ ዓመት ስፖርት 2014-15 ተሳተፍቲ ኣብ ዝኾና 20 ክለባት ፕ/ሊግ ዝተወሰደ መጽናዕቲ ከምዝሕብሮ፡ ገምጋም ቁመት ተጻወትቲ ክለባት ፕ/ሊግ 1.80 ሜትሮ ኣብሉ ከምዝበጽሕ ኢዩ። ንሓሰው ልዩት ኮርቱዋ ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዝመለሰት ክለብ ቸልሲ፡ ብዘለዉዋ ብዙሓት እምብዛ ቀማታት ተጻወትቲ ንስሌዳ “ዝለውሐ ቁመት ናይ ጋንታታት ፕ/ሊግ” ትመርሖ ኣላ። ገምጋም ቁመት ተጻወትቲ ቸልሲ 1.85 ሜትሮ ክበጽሕ እንከሎ፡ ሓለውቲ ልዳታ ዝኾኑ ፒተር ቸክን ኮርቱዋን እየም ዝያዳ ቀማታት ኣባላታ ኢያም። ብተመሳሳሊ ገምጋም ቁመት ምስ ደረጃ ክለብ ቸልሲ ተቐሪደን ኣብ መሪሕነት ዝርከባ ካልኦት ክለባት ድማ ክሪስታል ፓላስ፡ ከውፒኣር፡ ስቶክን ዌስትሃምን ኢየን። ሻምፕዮን ዝሓለፈ ዓመት ማንሲቲ ዝነ ዝተጠቕሳ ክለባት ተኸቲላ ኣብ ሻዱሻይ ደረጃ ክትቕመጥ ከላ፡ ከም ኤቨርቶንን ኣስቶን ቪላን ዝኣመሰላ ጋንታታት ኣብ ተመሳሳሊ ደረጃ ተሰሪዐን። ማንቸስተር ዩናይትድን ሊቨርፑልን ኣብ መበል 15ን 18ን ተርታ ኢየን ዝርከባ። ኣብ ዳሕረዋይ ተርታ ናይዚ ሰሌዳ ተቐሚጣ ዘላ ክለብ ኣርሰናል ኢያ። ከም ሳንቲ ካዞርላን ዊልሸርን ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ዝርከቡዋ ኣርሰናል፡ ሚዛን ቁመት ተጻወትታ ብተዛማዲ ምስ ካልኦት ክጽጸር እንከሎ ዝሓጸረ ኢዩ።

ብዘይካ'ዚ ንሚዛን ኣካላዊ ብቕዓት ክለባት ፕ/ሊግ ምርኩስ ብምግባር ኣብ ዝተወሰደ ጽብጻብ ከኣ፡ ቸልሲን ከውፒኣርን ኣብዚ'ውን ደጊመን መሪሕ ቦታ ሒዘን። ሊቨርፑልን ማን ዩናይትድን ንመወዳድርተን ማንሲቲ ክበልጻ ከለዋ፡ ድኻቕ ዝበሉ ተጻወትቲ ናይ ምፍራም ልምዲ ዘለዋ ኣርሰናል ከኣ ምስ ክለብ በርንሊይ ብምዃን ንዳሕረዋይ ስፍራ ተኻፊሎም።

## ተቐዳዳማይ መኪና፡ ጋንታ ብሽክሊታ ከቕውም?

ዓውዲ ስፖርት ሓደ ካብ ዓበይቲ ኢንዱስትሪውያን ጽላታት ኮይኑ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ሰብ ጸጋ ዝተዓጸጸፈ እዩት ንምርካብ ርእሰ ማለም ኣብቲ ዓውዲ ከውፍሩ ይርኣዩ ኢያም። ኣብዚ ሰሙን እዚ ድማ ኣብ ውድድራት ፎርሙላ ዋን (ናይ መኪናን ውድድር) ዝተጥፍ ስጳኛዊ ፈርናንዶ ኣሎንሶ ኣብ ዓውዲ ቅድድም ብሽክሊታ ወፍሪ ከካይድ ውጥን ሒዙ ከምዘሎ ካብ ስጳኛ ዝወጹ ሓበሬታ ይገልጹ። ብርክት ዝበላ መርበብ ሓበሬታ ከምዝገልጽኦ ኣሎንሶ ካብ ዝመጽእ ዓመት ጀሚሩ ኣብ ውድድር እትሳተፍ ጋንታ ንምሓዝ ኢዩ መደብ ኣውጺኡ ዘሎ። ድሮ'ውን ፍቓድ ንምርካብ ጠለብ ኣቕሪቡ ምህላዉ ድማ ይገልጹ። ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ ኣሎንሶ ንስጳኛዊት ጋንታ ኢዩስከል ኢስካዲ ክገዝኣ ምዃኑ ዝገልጽ እኳ እንተነበረ፡ ከም መግለጺ ውልቃዊ ማናጀር ኣሎንሶ ግን እቲ ተቐዳዳማይ ፈረሪ መደቡ ናቱ ሓዳስ ጋንታ ከቕውም ከምዝኾነ ተሓቢሩ። እቲ ምንጪ ብምውሳኽ ኣብታ ትምስረት ጋንታ ብሉጽ ስጳኛዊ ተቐዳዳማይ ኣልበርቶ ኮንታዶርን ኣብ ቅጽበታዊ ውድድር ምልክት ዘለዎ ፒተር ሳጋንን ቀዳሞት ኣባላት ክኾኑ ትጽቢት ኣሎ።

## ተወሳኺ

ኣብዚ ቀረባ እዋናት ኣብ ኩሉ ዓውድታት ስፖርት ዝጥፉ ወልቀሰባት ኣብ ሓደ ተመሳሳሊ ንጥፈት ክሳተፉ ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ። በረድ ዝተሓወሶ ማይ ኣብ ኑብሶኻ ምጽሓይ። እዚ ዕላምኡ ኣብ ልዕሊ ሕማም ስለሮሰስ (ንቲሹታት ኣካላት ዝጥቅዕ ሕማም) ዘሎ ግንዛበ ንምድንፋዕን ኣምሳይኡ ድማ ንምርምር ዝውዕል ኣታዊ ንምእካብን ተባሂሉ



ዝፈለመ ኢዩ። እዚ ይኹን እምበር ኣብዚ እዋን'ዚ እቲ ተግባር ሓደ ካብ ንጥፈታት መዘናግዒ ኮይኑ ይርከብ። ብመሰረት ሕጊ ናይቲ ውድድር፡ ናብዚ ንጥፈት ዝመጽእ ውልቀሰብ ብኻልእ ሰብ ምስ ዝርቋሕ ኢዩ። እቲ ዝተረቑሐ ሰብ ድማ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት መልሲ ክህብ ይግደድ። ንዝቐረበሉ ጻውዒት ፍቓደኛ ምስ ዝኸውን ኣብ ሳንኬሎ ማይ በረድ ብምሕዋስ ኑቲ ዝሑል ማይ ኣብ ኣካላቱ የፍስሶ። ኑቲ ተግባር ከም ዝፈጸሞ ድማ ናይ ቪደዮ ምስሊ ናብቶም ኣካየድቲ ይልእኽ'ሞ ንሱ'ውን ብግዲኡ ሓያሰቲ ሰባት ናይ ምርቋሕ መሰሉ ተጠቒሙ ሰባት ይረቑሕ። ንዝቐረበሉ ጻውዒት ምስ ዘይጸግ ድማ 100 ዶላር ኣታዊ ይኸፍል። ነዚ ዝተገልጸ መስርሕ ተኸቲሎም ኣዝዮም ብዙሓት ህቡባት ስፖርታውያን ዓለም ኣብዚ ንጥፈት ተጸሚዶም ይርከቡ። ኣብ ኑሓድሕዶም ኣብ ዝረቛቑሑሉ ህሞት ድማ ንተዓዘብቲ የዘናግዑ። ገለ ንዝፈትውዎም ክረቑሑ ከለዉ፡ ገለ ድማ ንመተሃላልኹዎም ክረቑሑ ይረኣዩ። ንወሓዱት ኣብነታት ምስ ንዕዘቦ፡-

- ጆሴ ሞሪኖ ብዲድየር ድሮግባ
- ዴቪድ ሞየስ ብማርዋን ፈላይኒ
- ልዊ ቫን ጋል ብበዓልቲ ቤቱ ሽስሊ ሽነይደር
- ድምጻዊ ብርያን ኣዳምስ ብጆሴ ሞሪኖ
- ሮጀር ፈደረር ብተጻዋቲት ተኒስ ባይታ ኣና ኢቫኖቪች
- ወናኒ ክለብ ኒውካስል ማይክ ኣሽሊ ብኣቦ መንበር ክለብ ሳንደርላንድ

ብዘይካ'ዞም ዝተጠቕሱ ከም መሲ፡ ነይማር፡ በክሃምን ካልኦትን ከዋኽብቲ ስፖርታውያን ዓለምና ኣብ ተመሳሳሊ ንጥፈት ተኻፊሎም ኢዮም።

## ቁጽሪ 7 ማልያ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ዝባን ዲ ማርያ ትደምቕ ዶ?

ቁጽሪ 7 ማልያ ኣብ ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣዝዩ ጸላዊ ታሪኽ ኣለዋ። ከም ኤሪክ ካንቶና፡ ዴቪድ በክሃምን ክርስቲያኖ ሮናልዶን ዝኣመሰሉ ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ነታ ቁጽሪ ኣዚያ ተበሃጊት ንክትከውን ኣብቒዖማ ኢያም። ፖርቱጋላዊ ሮናልዶ ነታ ድሕሪ በክሃም ነታ ማልያ ድሕሪ ምውዳዩ መዛና ኣልቦ ቅያታት ብምፍጻም ንዝነበራ ክብሪ ከቢርኽ ክኢሉ ኢዩ። ንምውጻእ ሮናልዶ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ተኸቲሉ እታ ታሪኻዊት ማልያ ፈለማ ኣብ እንግሊዳዊ ማይክል ኦወን ጺሒላ ድማ ኣብ ሕቖ ቫለንስያ ተሓዚላ ጸኒሓ። ኣብ ክልቲኦም ኣጋጣሚታት ከኣ ክብራ ኣይቀጸለን። በዚ ድማ እቲ ዝዋቀበቶ ክብሪ ከይሃስስ ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ኮይና ጸኒሓ። እብዚ እዋን'ዚ ግና እታ በዓልቲ ቅያ ቁጽሪ ዝኸበረ ተጻዋታይ ፕ/ሊግ ብዝኾነ ኣርጀንቲናዊ ብሉጽ ተጻዋታይ ኣንኸል ዲ ማሪያ ተወሲና ኣላ። ብሉጽ ብቕዓት ዲ ማሪያን እታ ቁጽሪ ትፈጥሮ ጽልዋን ብምግንዛብ ከኣ ታሪኻውነት ቁጽሪ 7 ማልያ ማንቸስተር ዩናይትድ መሊሱ ክደምቕ ትጽቢት ደገፍቲ እታ ጋንታ ኢዩ። ህልዊ ብቕዓት እታ ክለብ ኣብ ግምት ብምእታው ግን ኪጋጥም ዝኽእል ኩነታት ብኣንጻሩ ከይከውን 'ውን ስግኣት ደገፍቲ ኢዩ።

## መብጽዓ ዝተኣልመ ጓርድዮላ

ስጳኛዊ ኣሰልጣኒ ፔፕ ጓርድዮላ ንባየር ሙኒክ ንምዕላም ውዕል ኣብ ዝገበረሉ እዋን ብርክት ዝበሉ መብጽዓታት ኢዩ ተኣትዩሉ። ብሓለፍቲ'ታ ክለብ ካብ ዝተኣተወሉ መብጽዓታት ሓደ ጀርመናዊ ቶኒ ክሩስ ኣብ ዝኾነ እዋን ብዘይ ፍቓድ እቲ ኣሰልጣኒ ካብታ ጋንታ ንኸይወጽእ ኢዩ። ኮይኑ ግን እቲ መብጽዓ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ'ኳ ክሰርር ኣይተራእየን። ጀርመናዊ ተዓዋቲ ዋንጫ ዓለም ክሩስ ከኣ ናብ ሪያል ማድሪድ ተሰጊሩ። ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ትዝርጋሕ ንውልቃዊ ንጥፈታት ጓርዲዮላ እትገልጽ መጽሓፍ ድማ ብሰፊሑ ተጻሒፉ ዝሎ ሓበሬታ ምርኩስ ብምግባር፡ ጓርደዮላ ናብ ባየር ሙኒክ ኣብ ዝመጽኣሉ እዋን ብርክት ዝበሉ ቅድመ ኩነታት ኣቕሪቡ ነይሩ። ገለ ካብኣቶም ንምግላጽ፡ ምፍራም ቲያጎ ኣላካንትራ ካብ ባርሰሎና ማሪዮ ጎትዘ ካብ ዶርትሙንድን ከምኡ ድማ ኑቲ ሕመረት ናይቲ ኣብታ ክለብ ክትግበሮ ዝሓስቦ ፕሮጀክት ከምዝኾነ ዝገለጸ ውሓለ ናይ ኩዕሶ ተኻኢሻን ክሩስ ኣብ ዝኾነ እዋን ካብታ ክለብ ንኸይወጽእ ዝእምም ኢዩ።

ነዚ ተኸቲሉ ከኣ ጓርድዮላ ንተደጋጋሚ ጻውዒት ክለባትን እቲ ተጻዋታይን ንዓመት መመላእታ ክዕጸግ ተራእዩ። ይኹን እምበር ጻዕሪ ፔፕ ጓርደዮላ ክሰምር ኣይክኣለን። ክሩስ ብድፍኢት ሓለፍቲ ቦርድ ክለብ ሙኒክ ዝሓለፈ ሓምለ ካብታ ጋንታ ወጺኡ ኣሎ። መጻኢ እቲ ናይ ጉጅለ ርእሱ መንገዲ ክኸተል ዝደለ ጓርዲዮላ፡ ኣብ ባየር ሙኒክ ክህብ መዓስ ኢዩ ዝብል ሕቶ ድማ መዓልቲ መልሱ ዝጽበ ጉዳይ ኢዩ።




## ኣብ ናይ መወዳእታ ደቓይቕ መሸጋገሪ ምስግጋር ተጻወትቲ.....

ንልዕሊ ክልተ ኣዋርሕ ክፉት ኮይኑ ዝጸንሐ ማሰኮት ምስግጋር መበዝሕተአን ክለባት ኤውሮጳ ብሰኑይ ለይቲ ተዓጽዩ ኣሎ። ኣብቲ ናይ መወዳእታ ሰዓታት እቲ ማሰኮት ካብ ዝተሰላሰሉ ንጥፈታት ምስ ንዕዘብ ፡

- ንፋልካኦ ዝጸንበረት ማንቸስተር ዩናይትድ ንዳኒ ወልበክ ናብ ኣርሰናል ክተፋኑ ከሎ ቶም ክለቨርሊ ናብ ኤቨርቶን ከምርሕ ዝበርሮ ተሰፉ ኣብ መወዳእታ ደቃይቕ በርዒኑ።

- ክለብ ሃል ሲቲ እታ ኣገደስቲ ንጥፈታት ዝፈጸመት ኮይና ኣላ። ንኣቤል ሄርናንደዝ ካብ ፓለርሞንዲያመ ካብ ዌስትሃም ከተፍርም ከሎ ንቤንዓርፋ ካብ ኒውካስል፡ ንራሚረዝ ካብ ሳውዝሃምብተን ተለቂሓቶም።

- ንቶረዝ ዝጸንበረት ሚላን ደጊማ ንኻልእ ተጻዋታይ ቸልሲ ብመልክዕ ልቓሕ ኣግዒዛቶ። ሆላንዳዊ ኣከፋፋሊ ቫን ጊንከል ንሓደ ዓመት ምስታ ክለብ ክጸንሕ ኢዩ።

- ብራዚላዊ ሳንድሮ ካብ ቶተንሃም ብምውጻእ ምስ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒኡ ሃሪ ሬድናፕ ተጸንቢሩ። ከውፒኣር ኑቲ ኣከፋፋሊ 10 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢ ገይራትሉ።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er



## ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ተጀሚሩ

### . . . ሓሬና፤ ኣብ ፈላሚ ጸወታኣ *

መበል 12 ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ከተማ ከረን ብዝተኻየደ ፈላሚ ግጥም ኵዕሶ እግሪ ተጀሚሩ።

ኣቡቲ ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሓይልታት ምክልኻል፡ ኣመሓደርቲ ዞባ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ስፖርት ኤርትራን ኣፍቀርቲ ስፖርትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ጽምብል መኽፈቲ፡ ጋንታታት ሓሬናን በኒፈርን እየን ግጥም ኣካይደን።

ዝተጸንዐ ጸወታ ሒዛ ዝቐረበት ሓሬና፡ ጸወታ ሒደት ደቓይቕ ምስ ተላዕሎ እያ ንልዳት በኒፈር ብምድፋር ንደገፍታ ብሓጎስ ከተሰራስር ክኢላ - ዋና ናይታ ሽቶ ድማ ሜሮን ኣካለ ነበረ። ብኣፎም ሃይለ እትእለ ሓሬና፡ ናይ ሽቶ ሃድና በዚ ኣየብቀዐን። ካልኣይቲ ሽቶ ብፍጹም ቅላዕ ሃብቶም ሃ/ገርግሽ (ማይ ዕዳጋ)) ብምምዝጋብ ኑቲ ግጥም ብመሪሕነት ናብ ዕረፍቲ ኣቕንዓቶ።

ድሕሪ ዕረፍቲ እውን፡ እታ ኣብ ቀዳማይ እብረ ብናይ ክንፊ ጸወታታት ንበኒፈር ዘጨነቐት ጋንታ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ እውን ኣብ መልሰ መጥቃዕቲ ከተድህብ እያ ተራእያ። ብመገዲ ሜሮን ኣካለ ሳልሰይቲ ሽቶ ብምምዝጋብ ዓወታ ከኣ ኣደልደለት። ተጻወትቲ በኒፈር፡ ዋላኳ ክሳብ መወዳእታ ደቒቕ ሽቶ ከናደዩ እንተጸዓሩ ብዘይካ እታ ብፍጹም ቅላዕ ካብ ኣማኑኤል ሳሙኤል - ጸሊጎ ካልእ ሽቶ ከመዝግቡ ብዘይምኽኣሎም ክሳዶም ኣድኒኖም ካብ ሜዳ ካብ ምውጻእ ዓዲ ኣይወዓሉን። በዚ ድማ ሓሬና ኣቡቲ ብኣፍቀርቲ ስፖርት ማሚቑ ዝወዓለ ስታድዩም ከተማ ከረን ናይ 3ብ1 ድሙቕ ዓወት ኣመዝጊባ ካብ ሜዳ ወጺኣ።

ሃብቶም ክብረኣብ ኣሰልጣኒ ጋንታ በኒፈር እዩ። ንሱ፡ ዋላኳ ኣብ ሕቑፉ ከም ኮኾብ ተጻዋታይ ዘርኢት የውሃንስ (ኣብ ዝሓለፈ ውድድር ብብዝሒ ሽቶታት ዝዛረበ ተጻዋታይ እዩ) ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ዝሓዙት ጋንታ ሒዙ እንተቐረበ፡ ኣብ ኣወዳድኣ ብፍላይ ድማ ኵዕሶ ምስ ሰኪዔት ናይ ምርኻብ ርኡይ ሃንፍ ነይርዎ። ዘርኢት ኣብ ምሉእ 90 ደቒቕ ኵዕሶ ክቆጻጸር ብተጻወትቲ ሓሬና ኣይተፈቕደሉን - ብተደጋጋሚ ድማ ይህረም ነበረ። ብተወሳኺ እውን በኒፈር ኣብ ናይ ክንፊ መስመር ምክልኻል ዘለዋ ድኽመት፡ ንናይ ክንፊ ኣጥቃዕቲ ክለብ ሓሬና ከም ያሬድ ኪዳነ ጥጡሕ ባይታ ዝፈጠረ ነበረ። ተጻወትቲ ሓሬና ኑቲ ዝነበረ ሃንፍ ኣብ ምምዝማዝ ድማ ላዕለዋይ ኣድ ነይርዎም። ብመንጽሩ፡ በኒፈራውያን ኣብ ሓጺር ናይ ምቅብባል መስርሕ ዝተመስረተ ቅዶም፡ ዋላኳ ውጽኢት ኣይረኸቦ ብመጠኑ ንተዓዘብቲ ዘዚ ጸወታ ከርእዩ ክኢሎም እዮም።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ምስ ካልኦት ውድድራት ኪጋጮ ይረአ እዩ። ለሚ ዓመት ግን እቲ መደብ ምስ መሻርኽቲ ስፖርት ኤርትራ እሂን ምሂን ተባሂሉ ከምዝተሰርዐ፡ ኣብ ተጻወትቲ ኮነ ኣብ ውድድር ዝኾነ ምምሕዳው ከምዝየለን እዩ ኣቡቲ ናይ መኽፈቲ ዕለት መደረ ዘሰምዐ ሓላፊ መከዛን ሓብሬታን ጎስጓስን ሚኒስትሪ ምክልኻል ብርጋደር ጀነራል ተኽለሚካኤል ሃብቱ - ሲንስ ዘሰጽር።

ንሱ፡ ንኹሎም ኣቡቲ ውድድር እጃሞም ዘበርከቱ ድሕሪ ምምስጋን፡ “እዚ ናይ ለሚ ዓመት ውድድር ምስ ኩለን ዝምልከተን መሻርኽቲ ናይ መደባት ምምሕዳው ከይህሉ ብምውህሃድን ብምርድዳእን ኢና ነካይዶ ዘለና” ክብል ተዛሪቡ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ኑቲ ንልዕሊ 50 መዓልታት ዝጸንሕ ውድድር ዝፍ ባጀት ሰሊዑ የካይዶ ከምዘሎ ዝሓበረ ብ/ጀነራል ተኽለሚካኤል፡ ስፖርታውያን ብስፖርታዊ ስነምግባር ተማእዚዞም ውድድሮም ከካይዱ እዩ ኣቡቲ ናይ መኽፈቲ ዕለት ተላብዩ።

ኣቡቲ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት፡ ጉጅለ ባህሊ ዋልታ ስፖርታዊ ድራማ ሓዚል ምርኢት መዚቃ ከተቕርብ እንከላ፡ ሓያለ ንተዓዘብቲ ዝቓንያ ደርፍታት ድማ ኣብ ኣእዛን ተሳተፍቲ መበል 12 ስፖርታዊ ንጥፈታት ሚኒስትሪ ምክልኻል በጺሑ።

ስፖርታዊ ንጥፈታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ክሳብ 25 ጥቅምቲ ዝቕጽል ኮይኑ፡ ትሽዓተ ክለባት ኣብ ሸውዓተ ዝተፈላለየ ዓይነታት ስፖርት ክፈታተና እየን። ንስራ፡ ብደሆ፡ መኾተ፡ ሓሬና፡ በኒፈር፡ ሽዐላ፡ ክንፊ፡ ማእከል ስልጠናን ዓምበርበብን ድማ እተን ዝሓለፈ ዓመት ንዘመዝገባእ ክብሪ ክዕቅባ ከምኡ እውን ሓድሽ ታሪኽ ክስንዳ ኣብ ውድድራት ኵዕሶ እግሪ፡ ኵዕሶ መርበብ፡ ኵዕሶ ሰኪዔት፡ ባድመንተን (ንመጀመርታ ግዜኡ እዩ ዝተኣታቶ ዘሎ)፡ ኣትሌቲክስ፡ ያታዊ ስፖርትን ጨመተ ተኸሲን ክሳተፉ እየን።

መበል 12 ስፖርታዊ ንጥፈታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ትማሊ እውን ብዋጥማት ኵዕሶ መርበብ ቀጺሉ ነይሩ። መኹተ ንሽዐላ 3ብ1 ክትቕጽዓ እንከላ፡ ሳዋ ድማ ንሓሬና ብተመሳሳሊ ውጽኢት ኣፋንያታ። ኣብ ግጥም ሳዋን ሓሬናን፡ ተጻዋታይ ሳዋ ዓወት ፍትዊ ዝሰኣድ ምንቅስቓስ ብምርኣዩ ብተዓዘብቲ ተመጕሱ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብጉዳይም ስፖርታውያን ተጋደልቲ ዝቖመት ጋንታ ዱሚራ ንኸብሪ ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ 2014 ካብ ኣስመራ ናብ ከረን ዘቕንዐ ጉዕዞ ብብሽክሊታ ኣካይዳ። እታ ጋንታ ንኣስታት 3 ሰዓትን ፈረቓን ተጓዒዛ እያ ኣቡቲ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት ኣርኪባ።









## ክለባት ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ሸመተ ተጻወትቲ መውዳድርቲ ስኢነን

ኣብ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዝወዳደራ ክለባት፡ ኣብዚ ሳልስቲ'ዚ ኣብ ዝተዛዘመ መስኮት ምስግጋር ተጻወትቲ ልዕሊ 835 ሚልዮን ፓውንድ (1.38 ቢልዮን ዶላር) ወጺኢታት ብምኽያድ መውዳድርቲ ምስኣነን ሓደ መጽናዕቲ ሓቢሩ።

እተን ክለባት ብድምር ንሸመታ ተጻወትቲ ዘውጽኣኦ መጠን ገንዘብ ኣብ ካልእ ሊጋት ንዝርከባ ክለባት ዳርጋ ብዕጽፊ ብምዕባዩ እቲ ምንጪ ወሲኹ የረድእ። እዚ ድማ ካብ ናይ ዝሓለፈ ናይ ምስግጋር ወቕቲ ናይ 30 ሚእታዊት ዕብየት ኣለዎ። እስጳኛውያን ክለባት ብድምር 425 ሚልዮን ፓውንድ፡ ኢጣልያውያን ክለባት 260 ሚልዮን፡ ጀርመን 250 ሚልዮን ከምኡ ድማ ፈረንሳ 100 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ((እዚ ንላዕለዋይ ዲቪዥን ጥራይ እዩ ዝምልከት) ኣካይደን።

ኣብ ውሽጢ እንግሊዝ ከምኡ እውን ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ካብ ዝረኸቦ ልዑል ሽፋን ተለቪዥን ላዕለዋይ ኣድ ዝሓዘ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ብክለብ ማን ዩናይትድ ጥራይ ኣስታት 150 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ተገይሩ ኣሎ። እታ ብሓድሽ ኣሰልጣኒ ሉዊስ ቫን ሃል እትእለ ጋንታ ካብቲ ዝነበረቶ ዓዘቕቲ ንምውጻእ ኑቲ መጠን ገንዘብ ምስልዓ ኣብ ታሪኽ ናይዚ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ፍሉይ ምዕራፍ ክትግንጽል ክኢላ ኣላ።

ንገለ ኣብ ውዱእ ሰዓት ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ዝተፈጸሙ ከም 6 ሚልዮን ፓውንድ ብልቓሕ ንኮሎምብያዊ ኣጥቃዒ ራዳመል ፋልካኦ ከምኡ እውን ንዳለይ ብሊንድ 13.8 ሚልዮን ፓንውድ ብማን ዩናይትድ ዝወጸ ገንዘብ፡ ብተወሳኺ ኣርሰናል ንዳኒ ወልበክ 16 ሚልዮን ፓውንድ ዘውጽኣቶ ኑቲ መጠን ገንዘብ ብክለባት ዓዲ እንግሊዝ ዝፈሰሰ ደሪዕዎ እዩ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ፡ ጽዑቕ ዕድጊን መሸጣን ዘካየዳ ሰለስተ ዓበይቲ ክለባት ዓዲ እንግሊዝ ኣብ መወዳእታ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ሰዓታት ዝኾነ ተጻዋታይ ኣየፈረማን። ብሓፈሻ፡ ሊቨርፑል 117 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ክትገብር እንከላ፡ ቸልሲ 91 ሚልዮን ማን ሲቲ ድማ 50 ሚልዮን ፓውንድ ኣውጺኣ። ሳውዝሃምፕተን 74 ሚልዮን ወጺኢ ክትገብር እንከላ፡ 92 ሚልዮን ድማ ንናይ ቅድም ኣባላታ ብምፍናው ናብ ካሳኣ ገንዘብ ኣእትያ።







### ዝኸፍ መጠን ገንዘብ ብክለባት ዓዲ እንግሊዝ ዝፈሰሶም ተጻወትቲ

ዲ ማርያ ካብ ሪያል ማድሪድ ናብ ማን ዩናይትድ 59.7 ሚልዮን ፓውንድ
ኣሌክስ ሳንቸዝ ካብ ባርሳ ናብ ኣርሰናል 35 ሚልዮን
ዲያጎ ኮስታ ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ናብ ቸልሲ 32 ሚልዮን
ማንጋላ ካብ ፖርቶ ናብ ማን ሲቲ 32 ሚልዮን
ፋብሬጋስ ካብ ባርሳ ናብ ቸልሲ 30 ሚልዮን
ሄሬራ ካብ ኣትለትክ ቢልባኦ ናብ ማን ዩናይትድ 29 ሚልዮን
ሉካኩ ካብ ቸልሲ ናብ ኤቨርተን 28 ሚልዮን
ሻው ካብ ሳውዝሃምፕተን ናብ ማን ዩናይትድ 27 ሚልዮን (ናብ 31 ሚልዮን እውን ክበርኽ ይኽእል)
ላላና ካብ ሳውዝሃምፕተን ናብ ሊቨርፑል 25 ሚልዮን ፓውንድ

# ኣመሪካ ኣብ ኒጀር ካልኣይ መዓስከር ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ትኸፍት



ኣመሪካ ኣብ ኒጀር ካልኣይ መዓስከር ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ንምኽፋት ትዳሎ ምህላዋ ተሓቢሩ። ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ፕረስ ቲቪ፡ ኣመሪካ ኣብ ኒጀር ዝደኮነቶ መዓስከር ንምስፍሑ ምድላዋት ትገብር ኣላ።

ኣመሪካ እቲ ኣብ ኒጀር እትድኩኖ ዘላ ወተሃደራዊ መዓስከራት፡ ቀንዲ ዕላማኡ ኣብ ሰሜናውን ምዕራባውያን ኣፍሪቃ ከምዝንቀሳቐሱ ንእትጠቕሶም ዕጡቓት ንምክትታል ምዃኑ'ኳ ትገልጽ እንተኾነት፡ ተንተንቲ ግና እታ ሃገር ኣብ ኣፍሪቃ ንእትገብሮ ዘላ ወተሃደራዊ ምትእትታው ንምድራዕ ዝዓለመ ምዃኑ'ዮም ዝሕብሩ።

ኣብቲ ኣብ ኒጀር ቈይሙ ዘሎ ሰፊሕ ወተሃደራዊ መዓስከር፡ ክንደይ ዝኣኽላ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ከምዝዋፈራ ግን ካብ ምግላጽ ተቖጢቦም ኣለዉ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኒያሚ - ርእሰ ከተማ ኒጀር፡ ፈረንሳን ኣመሪካን ሰፊሕ መዓስከር ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ብምምስራት ኣብቲ ዞባ ስለያዊ ንጥፈታት የካይዳ ምህላወን ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣመሪካ ኣኽሪርቲ ዕጡቓት ምህዳን ኣብ ትሕቲ ዝብል ጉልባብ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ ሓደስቲ ወተሃደራዊ መዓስከራት ከምዝመስረተት ዝፍለጥ'ዩ።

# ካብ ዒራቕ ዘይተጻረየ ነዳዲ ጽዒና ዝተሰወረት መርከብ

ካብ ሰሜናዊ ዒራቕ ዘይተጻረየ ነዳዲ ጽዒና ዝተበገሰት ዓባይ መርከብ ክልተ ወርሒ ተሰዊራ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ገማግም ተክሳስ ከምዝተራእየት ፕረስ ቲቪ ሓቢሩ።


እታ ናይ ቱርኪ ምዃና ዝተነግረላ መርከብ ኣስታት 100 ሚልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ዘይተጻረየ ነዳዲ'ያ ብዘይ ኣፍልጦ መንግስቲ ዒራቕ ጽዒና ተሰዊራ። እታ መርከብ ዕጡቓት ኩርዳውያን ካብ ዝቈጻጸርዎ ሰሜናዊ ዒራቕ ዝተዓደነ ነዳዲ ክትጽዕን እንከላ፡ ምሉእ ዋጋ ናይቲ ነዳዲ ኑቶም ዕጡቓት ከምዝተኸፍለ ጸብጻባት የመልክቱ።

መንግስቲ ዒራቕ፡ ባህርያዊ ሃብቲ'ታ ሃገር ንሰደድ ዝልእኽ እንኮ ሕጋዊ ኣካል ባዕሉ ምዃኑ ብምምልካት፡ ብዕጡቓት ኩርድ ንዝዋገር ዘሎ ተግባራት ኮኒኑ። ብሰራሕተኛታት ናይታ መርከብ ዝተፈጸመ ተግባራት ድማ ምስ ዝምታ ዝጽብጹብ ብምዃኑ ሕጋዊ ክሲ ከምዝመስረተ ኣፍሊጡ።

እንተኾነ፡ መንግስቲ ዒራቕ እታ ዘይሕጋዊት ምዃና ዝገለጸ 'ዩናይትድ ካላቭርቭታ" ዝተሰምየት መርከብ ክትህገር ናብ ቤት ፍርዲ ኣመሪካ ዘቕረቦ ክሲ ተቐባልነት ከምዝይረኸበ እቲ ዜና የገጽር።

ሰራሕተኛታት ናይታ መርከብ ካብ ዓይኒ መንግስቲ ዒራቕ ንምኽዋል ኣብ ጉዕዞ ንኹሉ መራኸቢታት ቴክኖሎጂ ብምጥፋእ'ዮም ናብ ኣመሪካ ኣምሪሖም። ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ'ታ ብዘይ ኣፍልጦ መንግስቲ ዒራቕ ነዳዲ ጽዒና ዝተሰወረት መርከብ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ዘይምህላዉ ንመንግስቲ ዒራቕ ኣቕሒሩ ከምዝሎ ምንጭታት ዜና ኣረዲኦም።

ንሰሜናዊ ክፋል ዒራቕ ተቘጻጺሮሞ ዘለዉ ዕጡቓት ኩርድ ብኣመሪካ ዝያዳ ተቐባልነት ይረኽቡ ከምዝለዉ



ይፍለጥ። ንሳቶም ኣብ ዞባኦም ንዝፈሪ ነዳዲ ንሰደድ ናይ ምልኣኽ መሰል ከምዘለዎም'ዮም ዝገልጹ። ብዘይ ኣፍልጦ መንግስቲ ዒራቕ ነዳዲ ንሰደድ ብምልኣኽ ድማ ናይ ኣማኢት ሚልዮናት ዶላር ኣታዊ ይረኽቡ ምህላዎም ጸብጻብ ፕረስ ቲቪ የመልክት።

ዝሓለፈ ወርሒ "ዩናይትድ ኤምብለም" ዝተሰምየት መርከብ፡ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ካብ ሰሜናዊ ዒራቕ ዘይተጻረየ ነዳዲ ጽዒና ናብ ደቡባዊ ባሕሪ ቻይና ከምዝተጓዕዘት እቲ ምንጪ የረድእ።

# "ኣብ ልዕሊ ቦኮ-ሓራም ከቢድ ጉድኣት ኣውሪደ" ሰራዊት ናይጀርያ

ሰራዊት ናይጀርያ ኣብ ሰሜናዊ'ታ ሃገር ኣብ ዝተኻየደ ኲናት ኣብ ልዕሊ ዕጡቕ ሓይሊ ቦኮ-ሓራም ከቢድ ጉድኣት ከምዝወረደ ገሊጹ።




ዕጡቓት ቦኮ-ሓራም ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ሰሜናዊ'ታ ሃገር ንእትርከብ ከተማ ባማ ንምቁጽጻር ዝኸፈትዎ

መጥቃዕቲ ብሰራዊት ናይጀርያ ከምዝፈሸለን፡ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ናይቲ ጉጅለ ብርክት ዝበለ ናይ ሞትን መቑሰልትን ሓደጋ ከምዝወረደን

ቢቢሲ ሓቢሩ።

እታ ከተማ ካብ ማይዱጉሪ ዝተባህለት ዓባይ ከተማ ኣስታት 70 ኪሎሜትር ንሰሜን ርሒቓ ትርከብ ኮይና፡ ብተደጋጋሚ ግዜ ብዕጡቓት ቦኮ-ሓራም ከምእትጥቃዕ እቲ ሓበሬታ የገጽር።

መራሒ ቦኮ ሓራም ኣቡበከር ሻካው፡ ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ዝዘርገሖ መግለጺ፡ ኣብቲ ጉጅለኡ ዝቈጻጸሮ ሰሜናዊ ምብራቕ ናይጀርያ እስላማዊት ሃገር ብምምስራት፡ ሃይማኖታዊ ሕጊ ክትግበር ምዃኑ ኣፍሊጡ።

መንግስቲ ናይጀርያ ናብ ሰሜናዊ ክፋል'ታ ሃገር ኣሽሓት ወተሃደራት'ኳ እንተዋፈረ፡ በቲ ኣኽራሪ ጉጅለ ዝካየድ ዘሎ መጥቃዕትታት ግን እናሓየለ ምምጽኡ'ዩ ዝግለጽ።

ዝሓለፈ ሰሙን ብዕጡቓት ቦኮ ሓራም ከይማረኹ ዝሰግኡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ወተሃደራት ናይጀርያ ሃዲሞም ናብ ውሽጢ መሬት ካሜሩን ከምዝተዓቑቡን፡ ካሜሩን ድማ ዕጥቆም ከምዘውርዱ ከምዝገበረትን ቢቢሲ ከምዝሓበረ ይዝከር።

ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ብኣባላት ቦኮ-ሓራም ዝተጨውያ ልዕሊ 200 ናይጀርያውያን ተመሃሮ ዛጊት ተሰዊረን ምህላወን ይፍለጥ።

# ዜና ብሓጺሩ

ኣመሪካ፡ ኣብ ሰሜን ኮርያ ተቐዪዶም ንዝርከቡ ሰለስተ ዜጋታታ ንምፍታሕ ጻዕርታት ተካይድ ምህላዋ ኣፍሊጣ። ቤተ መንግስቲ'ታ ሃገር ኣብ ዝዘርገሖ መግለጺ፡ መንግስቲ ኦባማ ኣብ ሰሜን ኮርያ ዝርከቡ ዜጋታት ኣመሪካ ንምፍታሕ ከም ቀዳምነታት ዝርእዮ መደብ ምዃኑ ሓቢሩ።

ሰሜን ኮርያ ብስለያዊ ንጥፈታት እትኸሶም ከነት ባ፡ ጀፍሪ ፋውልን ማቲው ሚለርን ዝተባህሉ ኣመሪካውያን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዘእተወት ተፍልጥ። ዝሓለፈ ቅንያት እቶም ኣብ ቀይዲ ሰሜን ኮርያ ዝርከቡ ኣመሪካውያን ብመገዲ መራኸቢ ብዙሃን ኣብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ፡ መንግስቲ ኣመሪካ ምስ ሰሜን ኮርያ ቀጥታዊ ዝርርብ ብምክያድ ንሳቶም ዝፍትሕሉ መገዲ ከናዲ ጸዊዖም።

***

ብሪጣንያ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሆንግ ኮንግ ኢድ ተእቱ ምህላዋ ቻይና ከሲሳ። ሰብ መዚ ቻይና ከምዝሓበርዎ፡ ኣባላት ባይቶ ብሪጣንያ ምስ ፖለቲከኛታት ሆንግ ኮንግ ብምርኻብ ጽልዋ ከሕድሩ ይፍትኑ ኣለዉ።

ኣብዚ ቅንያት'ዚ ኣብ መንጎ ፖለቲከኛታት ሆንግ ኮንግ ዝተላዕለ ምትፍናን ድማ ጠንቁ ብሪጣንያ ምዃና ሰብ መዚ ቻይና ገሊጾም። ኮሚቴ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ኣብ ዝዘርገሖ ወግዓዊ መግለጺ፡ ብሪጣንያ ትኹን ካልእ ግዳማዊ ሓይሊ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሆንግኮንግ ኢዱ ከእቱ ከይፍትን ኣጠንቂቑ።

ሆንግ ኮንግ ንዘመናት ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ብሪጣንያ ተቘሪና ድሕሪ ምጽናሕ ብ1984 ናብ ቻይና ከምዝተረከበት መዛግብቲ ይጠቕሱ።

***

ኣብ ዒራቕ ዝዋጋእ ዘሎ ጉጅለ እስላማዊት ሃገር፡ ኣብቲ ዝቈጻጸሮ ከባቢታት ሰሜናዊ ዒራቕ ዓሌታዊ ምጽናይ ይፍጽም ምህላዉ ኣህጉራውያን ትካላት ከሲሰን። ጉጅለ እስላማዊት ሃገር፡ ኣብ ሰሜናዊ ዒራቕ ኣንጻር ኩርዳውያንን ተኸተልቲ ሱና ዘይኮኑ ዜጋታት'ታ ሃገርን ብጃምላ ናይ ምቕታል ተግባራት ከምዝፍጽም'የን እተን ትካላት ዝኸሳ።

እቲ ጉጅለ ኣቐዲሙ ዝዘርገሖ ናይ ቪድዮ መልእኽቲ፡ 250 ምሩኻት ወተሃደራት ዒራቕ እናተረሸኑ ዘርኢ ምዃኑ'ውን እተን ትካላት ገሊጸን። ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣንጻር'ቲ ጉጅለ ንዝቐርብ ዘሎ ክሲ ብመርትዖታት ንምስናይ ናብ ዒራቕ ሓደ ጉጅለ ከምዝለኣኸ የነጽር። ኣኽራሪ መርገጺ ከም ዝኽተል ዝኽሰስ ጉጅለ እስላማዊት ሃገር፡ ንሰፊሕ ክፋላት ዒራቕን ሶርያን ተቘጻጺሩ ምህላዉ'ዩ ዝፍለጥ።